# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.214 | ዓርቢ 8 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና


ገጽ 3
ኣመሪካ፡ ስለምንታይ ወተሃደራታ ካብ ጀርመን ክትስሕብ ወሲና፧



ገጽ 4
ጽንዓትና ዋሕስና!



ገጽ 9
ዘቤታዊ ፍወሳ ንነድሪ ሓናት



ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ተመሊሳ




# ኮለጅ ማይ-ነፍሒ፡ መዓልቲ ምህንድስና ዘኪሩ

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፡ "ማሕበራዊ ንህንዳዊ ልምዓት፡ ምህንድስናዊ መፍትሒታት ንኮማዊ ብድሆታት" ብዝብል ንራእዩን ተልእኾን ናይ'ቲ ኮለጅ ዘንጸባርቕ ቴማ፡ ትማሊ 7 ግንቦት 'መዓልቲ ምህንድስና' ዘኪሩ።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር ኣርኣያ ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕለት - ፈጠራውነት፡ ቴክኒካዊ ብቕዓት፡ ከምኡ'ውን ወጽኢት ምህዞን ቴክኖሎጂን ዝጉልሓሉ፡ ዝተመርጸ ቴማ ድማ ካብ ክልሰሓሳባዊ ናብ ተጨባጢ ወጽኢትን ፍታሕ ብድሆታትን ንምድሃብ ንዝቶቶ ዘሎ ጻዕሪ ከምዝነጸብርቕ ገለጸ።

ካብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን - ፕሮፈሰር ዘመንፈስ ጸገ ብወገኑ፡ እቲ ባይታ - ተመሃሮን መምህራንን ዕቑር ዓቕምታቶም ንኸርእዩ፡ ንቐሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣበርክቶን ኣገዳስነትን ምህንድስናን መሃዙትን ንኸብርኽ፡ ከምኡ'ውን ንመሻርኽቲ ናብ ሓደ መኣዲ ንምምጻእ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምብራህ፡ ጽልዋ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ሞያውያን ሓላፍነታዊ እጃሞም ብምልዓል ንብሩህ መጻኢ ተገዚም ክየጹ ተላበዩ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲት ኮሚተ ናይ'ቲ ዕለት - መሃንደስ ባህረስላም ስእሉ ድማ፡ 26 መጽናዕታዊ ወረቓቕትን ምህንድስናዊ መፍትሒታትን 32 ምስላዊ መግለጺታት፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 29 መርኣያ ስራሓት ምህንድስና ከምዝቐረበ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕ ዝተሰረተ ተመክሮ ንኸጥርዩ፡ ሓብራዊ ናይ ምርምር ንጥፈታት ንኸተባብዑ፡ መሃንድሳት፡ ተመራመርትን መሓውራት ኮማዊ ምምሕዳርን ብሓደ ክሰርሐሉ ዝኽእሉ ባይታ ንምጥጣሕ፡ ከምኡ'ውን ካብ መሻርኽቲ ኣካላት ርእይቶ ንምእካብ ሓጋዚ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ዕለት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ካብ ዘቕረቡ ኣብ ዝሰዓበ ርእይቶ፡ እቲ መደብ ባይታ ምብህሃልን ምልውዋጥ ተመክሮን ከምዝፈጥር ብምሕባር፡ ኣገዳስነቱ ተረጋጊጹ ብዝለዓለ ክድፋፋእ ኣዘኻኺሮም።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፡ ናይ 5 ዓመት ናይ ዲግሪ ከምኡ'ውን ናይ 3 ዓመት ናይ ዲፕሎማ ኣካዳሚያዊ መደባት ዘካይድ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣስታት 39 ማእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,694 ተመሃሮ ኣለውዎ።



ሰኣሊ. ሳልሕ ዓብደልቃድር



ሰኣሊ. ሳልሕ ዓብደልቃድር

# ምም/ ዞባ ማእከል፡ ንኣብነታውያን ሓረስቶት ሸሊሙ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር፡ መደብ ንእስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ዝዘተግበሩን ኣብነታዊ ኣበርክቶ ንዘበርከቱን ሓረስቶት፡ ክኢላታት፡ ዓድታትን ንኡሳን ዞባታትን ሸሊሙ።





ሰኣሊ. ሮቤል መረስዕ

ትማሊ 7 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት፡ ወኪል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣስራት ሃይለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ - ኣብ ባይታ ዝተፈተነ "ውሑስን መኣዝውን መገዲ ንኹሉ ኣብ ኩሉ!" ዝብል መርሓ-ጎደና ንምትግባርን ንምስፋሕን ክኸይድ ንዝጸንሐ ስራሕን ኸኒጋሱን ንምትብባዕ ዝዓለመ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ብደረጃ ዞባ፡ ኣብ 2024 እቲ መደብ ኣብ ኣስታት 7,477 ቃጽያታት ሓረስቶት ከምዝተተግበረ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣስራት፡ ካብ 88 ዓድታት ኣብ'ተን 64 ብምትእትታው፡ ዞባ ማእከል ብደረጃ ሃገር ቀዳማይ ደረጃ ብምሓዝ ሽልማት ከምዝተቐበ ኣፍሊጡ።

ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓመት፡ ኣብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ካብ ዝለምዕ ስርናይ ካብ 3.2 ክሳብ 9.3 ኩንታል፡ ዝተዳቐለ ዕፉን ድማ ካብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ካብ 5 ክሳብ 9.5 ኩንታል ከምእተሓፍሰ ገለጸ።

ኣብ ዞባ ማእከል ኣወሃሃዲ መደብ ንእስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣቶ ኣማኒኤል ወልደጸዮን ብወገኑ፡ ኣብ 84 ዓድታት ናይ ገደና ደርሁ ዘርብሑ ሓረስቶት፡ ኣብ 2025 ልዕሊ 3.3 ሚልዮን እንቋቑሖ እቶት ከምዝረኸቡ፡ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ዝተዋፈሩ ሓረስቶት ድማ ልዕሊ 200 ኩንታል መዓር ከምዝሓፈሱ ኣብሪሁ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ስትራተጂካዊ ወጥን ንእስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ንምትግባር፡ ሓረስቶት ዞባ ማእከልን ሰብ ሞያ ሕርሻን ዝርኣይዎ ዘለዉ ተገዳስነትን ተወፋይነትን ብምምስጋን፡ ዘላቕነት ዝተረኽበ ዓወት ንምርግጋጽ ጻዕርታቶም ክቕጽሉ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ ምምሕዳር ዞባ ነቲ መደብ ንምዕዋት ዝጀመሮ ምድግጋፍ ብዝለወደበ መልክዕ ከምዝቕጽሎ ቃል ኣትዩ።


ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا... ضماننا
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምስ ወለደይን ስድራቤተይን ክራኸብ ተሓባበሩኒ

የውሃንስ እዩ ዝበሃል። እዚ ስም፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝሃቦ እዩ። ምኽንያቱ፡ የውሃንስ ወለዱ ይኹን ቤተሰቡ ኣይፈልጥን እዩ። ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን'ዩ ኣብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ (Group home) እናተኣልየ፡ ፈለማ ኣብ ድባርዋ፣ ቀጺሉ ኣብ ደቀምሓረ (ዞባ ደቡብ)፡ ካብኡ ኣብ እምባደርሆ ዓብዩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ወዲ 25 ዓመት ኮይኑ ዘሎ መንእሰይ የውሃንስ፡ ብዕለት 7 ሕዳር 2001 እዩ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ የሴፍ (ፊት ስታድዩም ኣስመራ) ሰዓት 7፡50 ናይ ምሸት ተደርብዩ ተረኺቡ። ሽዑ የውሃንስ ወዲ 5 መዓልቲ ኣቢሉ ይኸውን ነይሩ። ደናግል ቅዱስ የሴፍ ድማ ብጨርቂ ተጠቕሊሉ ረኺብናኦ። ካብኡ፡ እተን ደናግል ቅዱስ የሴፍ፡ ናብ 4ይ መደበር ፖሊስ'የን ሓቢረን። 4ይ መደበር ፖሊስ ድማ፡ ናብ'ቲ ቦታ ብምኻድ ነቲ ህጻን ኣምጺኦ፡ ናብ መካነ ሂወት ሆስፒታል ህጻናት ኣስመራ ብምውሳድ፡ ዘድሊ ሕክምናዊ ክትትል ከም ዝረኽብ ተገይሩ።

ኣብ መካነ ሂወት ሆስፒታል ህጻናት ምክትታል ምስ ተገብረሉ ድማ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ተረኪብዎ። ካብኡ ንደሓር፡ ክሳብ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ኣስመራ መናበዪ ዘኽታማት ተኣልዩ። ብድሕሪኡ ናብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ ድባርዋ ተሰጋጊሩ፣ ኩሉ መዳያዊ ክትትልን ሓልዮትን እናተገብረሉ ክሳብ ወዲ 17 ዓመት ዝኸውን ኣብኡ ተኣልዩ። ኣባል 32 ዙርያ ኰይኑ ሳዋ ወሪዱ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቱ ምስ ዛዘመ ከኣ፡ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ረኺቡ፡ ኣብ ኮለጅ ዓዲ-ቀይሕ ተማሂሩ። ብዓውዲ ስነ-ሕብረተሰብ ብዲግሪ ተመሪቑ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ ካብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ ተፋንዩ፡ ከም መምህር ኮይኑ እናሰርሐ፡ ውልቃዊ ሂወቱ ኣብ ምምራሕ ይርከብ።

የውሃንስ፡ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ልዑል ኣድህቦ ሂቡ ዝጽዕረሉ ዘሎ፡ መንነቱ ንምፍላጥ እዩ። ካብ መን'የ ተወሊደ? ስድራቤተይ መን እዮም? መበቆል ዓደይ ኣበይ እዩ? ወዘተ ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ፡ ብመንገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት ሓበሬታኡ ናብ ኣንበብቲ ብምሃብ ድማ ተበጊሱ ኣሎ።

መንእሰይ የውሃንስ ብቓላቱ ከምዚ ክብል እዩ ዝገልጽ - "ስድራይ ክደሊ ዘበገሰኒ ምኽንያት፡ ክንዲ ሰብ ኣኺለ ስለዘለኹ መንነተይ



የውሃንስ ብህጻንነቱ

ንምፍላጥ እዩ። ኣቦይ ኰነ ኣደይ፡ ጸገም ስለ ዘረኸቦም ደኣ ገዲፎምኒ እምበር፡ ጸሊኦምኒ ወይ ፈንፊኖምኒ ከምዘይኰኑ እርድኣኒ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ወለደይ (ብፍላይ ወላዲተይ) ዝኾነ ቂምታ ከም ዘይብለይ ክገልጽ እፈቱ። ስለዚ፡ ወለደይ፡ ብሂወት እንተ ደኣ ሃልዮም፡ ሽግረይ ተረዲኦም ክሓቝፉኒን ኣለና ክብሉኒን ብዓል ዓቢ ተስፋ'የ። ህዝብና ድማ ተሓባባሪ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ መንነተይ ሓበሬታ ምስ ዝህልዎ ክሕግዘኒ ብሃንቀውታ እጽበ ኣለኹ።"

የውሃንስ ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ስለ'ቲ ብሂወት ስሪሑ፡ ተማሂሩ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሕ ዝገበሩሉ ሓልዮትን ክንክንን፡ ልባዊ ምስጋንኡ የቕርብ፡ ብተወሳኺ፡ ንቶም ኣብ ሂወቱ ብሞራልን ካልእን ኣበርኪቶ ዝገበሩሉ ውልቀ-ሰባትን ፈለጥቱን፡ የቐንየለይ ክብል'ዩ ዘመስግን።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ የውሃንስ ንዛንታኡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢሩና ኣሎ'ሞ፡ ወለዱን ቤተሰቡን ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየ። ነዚ ሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዎ ብሃንቀውታ እጽበየኩም ኣሎ። ስለዚ፡ ብዛዕባ መንነት የውሃንስ ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07850145 ወይ 07407769፡ ወይ ድማ 116266 ደዊልኩም ክትተሓባበሩ እናዘኻኸርና፡ ነዚ ጽሑፍ ኣቀናቢሩ ንዘሰናደኣልና ጋዜጠኛ ገኑት ተኽለ - ወኪል ኣገልግሎት ዜና ንኡስ ዞባ ድባርዋ ነመስግን።

## ምስ ኣቦይ ክራኸብ ሓግዙኒ

ጸገ ተኸስተ ተስፋዝጊ ተወልደብርሃን፡ እያ ትብሃል። ኣብ ኣስመራ - ከባቢ ዕዳጋ ዓርቢ ኣብ 1987 ተወሊዳ፡ ኣብኡ ዓብያ። ወላዲታ ድማ፡ ወ/ሮ ኪሮስ ተስፋይ ትብሃል።

ጸገ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ ውሉድን ኮይና፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ትቕመጥ ኣላ።

ጸገ፡ ምስ ሓዳራን ደቃን ማማሪቓ'ኳ ብፍቕርን ሰላምን ትነብር እንተላ፡ ንወላዲኣ (ኣቦኣ) ስለ ዘይትፈልጦ ግን፡ ኣቦይ መን'ዩ? ስድራቤት ኣቦይከ መን'ዮም? ዝብሉ ሕቶታት ወትሩ ኣብ ዝኽሪ ሓሳባ ተሰላሲሎም። ፍቕሪ ናይ'ቲ ብዓይና ዘይርኣየቶን ንሱ ዘይርኣያን፡ ኣብ ከርሲ ኣደኣ እንከላ፡ ኪይተወልደት ዝሞተ ወላዲኣ ድማ፡ ኣብ ውሽጣ እናረበሻ፡ ኣብ ናፍቖትን ትዝታን ትኣቱ።

ጸገ ክሳብ ከባቢ ጓል 14 ዓመት ትኸውን፡ ኣብ ሕቑፊ ኣደኣ ሓንቂቓ'ያ ዓብያ። ኣብ 2001 ግን፡ ወላዲታ ወ/ሮ ኪሮስ ተስፋይ፡ ዜግነታ ኢትዮጵያዊት ስለ ዝኾነ፡ ብመንገዲ ቀይሕ መስቀል፡ ገዲፋታ'ያ ናብ ኢትዮጵያ ከይዳ። ንጸገ ምስኣ ሒዛታ ናብ ኢትዮጵያ ክትከይድ ደልያ'ኳ እንተ ነበረት፡ ጸገ ግና፡ "ደሃይ ኣቦይን ቤተሰቡን ክገብር ስለ ዝደለ፡ ኣብ ኤርትራ'የ ዝጸንሕ" ብምባል፡ ናብ ኢትዮጵያ ክትከይድ ከም ዘይመረጸት ትሕብር።

ወላዲታ ወ/ሮ ኪሮስ ተስፋይ ድማ ንጓላ ምስ ሲስተር ኣዜብ ኣረፋይነ ትብሃል፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይ-ተስፋ ጸሓፊት ዝነበረት ኣባል ማሕበር ቅድስቲ ኣንጀላ ተረዳዲኣ፡ ምስኣ ገዲፋታ ናብ ኢትዮጵያ ከይዳ። ሲስተር ኣዜብ ድማ፡ ንጸገ ብሓላፍነትን ብሓደራን ተቐቢላታ። ሕድራ ከየዕበረት ከኣ፡ ዘድሊ ፍቕርን ሓልዮትን እናሃበት ኣምሂራን ኣመርዕያን፡ ኣብ ዝበጽሕ ኣብጺሓታ።

ብሂወት እንተሃሊኻስ ትራኸብ ደኣ ከም ዝበሃል፡ ጸገ፡ ምስ ወላዲታ ድሕሪ 17 ዓመት ማለት፡ ኣብ 2018፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ተኸፍተ፡ ብቴለፎን ተራኺበንን ኣድራሻ ተለዋዊጠንን ነይረን። ቡቲ ሽዑ ዝተፈጥረ ሓጎስ መንፈሳ ዝተሓደሰትን ሞራል ዝወሰኸትን ጸገ፡ ኣድራሻ ወላዲታ ንብዓል ቤታ ብምሃብ፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ፡ ጽቡቕ ገይሩ ደሃያን ሃለዋታን ከም ዝፈልጥ ገበረ።

ይኹን'ምበር፡ ጸገ ደሃይ ኣቦኣ ዘይምፍላጣ፡ ክሳብ ሕጂ ሓደ ጎድና ኣይቀሰነን ዘሎ። ብመሰረት ወላዲታ ዝሃበታ ሓበሬታ፡ ኣቦኣ መጋቢበርሎኡ ኣብ ኣስመራ፡ ዓዱ ድማ ቀሓይን ከም ዝኾነ'ያ ሓቢራትና። ጸገ ድማ፡ ምስ ብዓል ቤታ ብምዃን፡ ደሃይ ኣቦኣ ኣቶ ተኸስተ ተስፋዝጊ ተወልደብርሃን ክትረክብ ብዙሕ ጽሒራ፡ ክሳብ ሕጂ ፍረ ኣይረኸበትን ዘላ። ሕጂ ግና፡ ብመንገዲ ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ዓምዲ ስድራቤት ኣቢላ፡ ደሃይ ወላዲኣን ቤተሰቡን ንምርካብ ብተስፋ ተበጊሳ ኣላ።

ስለዚ፡ ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ ጸገ ተኸስተ ተስፋዝጊ ተወልደብርሃን፡ ወላዲኣን ቤተሰቡን ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለያ። ነዚ ሂባቶ ዘላ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዋ'ውን ብሃንቀውታ ትጽበየኩም ኣላ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ኣቶ ተኸስተ ተስፋዝጊ ተወልደብርሃን ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07169931 ወይ 07571393፡ ወይ ድማ 116266 ብምድዋል፡ ክትተሓባበሩ ነዘኻኽረኩም።

— — — — — —

### መእረምታ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ ዓምዲ ስድራቤት፡ ንዕርቂ ሞት ዘሰዓበ ሓደጋ ዝምልከት ኣብ ዝወጽኣ ጽሑፍ፡ ስም ብሓደጋ ዝሞተ ሰብ ቀሺ መርሃዊ ኣሮን ተባሂሉ ዘሎ፡ ቀሺ መርሃጽዮን ኣሮን ክበሃል፣ ንመዋቲ ዓዱ ዓዲ ንኣምን ዝብል ዘሎ ድማ፡ ዓዲእምነገር ተባሂሉ ክእረም ምስናይ ይቕሬታ ንሕብር።

### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጽ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም, ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ, ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጽ 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካ፡ ስለምንታይ ወተሃደራታ ካብ ጀርመን ክትስሕብ ወሲና፧

ኣመሪካ፡ ብሰንኪ'ቲ ምስ ኢራን ዝወለዓቶ ሓደገኛ ኩናት፡ ምስ'ተን መብዘሕትአን ኤውሮጳውያን ሃገራት ዝኾና መሓዙታ ክትገራጮ እያ ትረአ ዘላ። ኣብ ዝሓለፈ ሓደት ኣዋርሕ፡ መራሒ ናይ'ታ ሃገር ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ንዝኾና ኤውሮጳውያን ሃገራት፡ ኣብ ኩናት ኢራን ንኣመሪካ ክተሓጋገዛአ ሓቲቱ ነይሩ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ጀርመን፡ ብሪጣንያ፡ ስጳኛ፡ ኢጣልያን ካልኦትን ዝርከባአን መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳ፡ ኣብ ኩናት ኢራን ኣደን ከእትዋ ድሌት ከም ዘይብለን ብመንገዲ መራሕተን ኣቢለን ሓቢረ። ኣመሪካ ኣብ ልዕለአን ብዙሕ ጸቕጥታት ክትገብር ምስ ጀመረት ከኣ፡ ብሪጣንያ፡ ጀርመን፡ ፈረንሳን ካልኦት ሃገራትን፡ ኣመሪካ ንዝተወሰነ ወተሃደራዊ መዓስከራተን ክትጥቀመሉ ወሲነን - ብመሰረት ተንተንቲ ፖለቲካ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ'ዩ እምበኣር ቻንስለር ጀርመን ፍሪደሪክ መርዝ፡ ንኣመሪካ ምሒር ዘቖጥዐ መግለጺ ዝሃበ። ቻንስለር ፍሪደሪክ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ኩናት ኢራን ንኣመሪካ ክወቕሱ ዝጸንሑ ዓበይቲ መራሕቲ ኤውሮጳ ኮይኑ፡ ኣብ መግለጺኡ፡ "ኣመሪካ ኣብ ኩናት ማእከላይ ምብራቕ ብኢራን ተዋሪዳ እያ። ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ወርደት እዚ ከኣ፡ ድኹም ስትራተጂ ወይ ውጥን ኩናት እዩ" ክብል ድሕሪ ምዝራቡ እዩ ዝምድና ክልተአን ሃገራት ክሽሕክር ዝርአ ዘሎ። ምስ'ዚ ብዝተኣሳሰረ ምኽንያት ከኣ፡ ኣመሪካ ኣብ ቀረባ እዋን፡ ን5 ሽሕ ካብ'ቶም ኣብ ጀርመን ዓስኪሮም ዝርከቡ ወተሃደራታ ክትስሕቦም ምዃና ኣፍሊጣ'ላ።

ጸብጻባት ከም ዝሕብሩዎ፡ ኣብ ኣህጉር ኤውሮጳ፡ ካብ 80 ሽሕ ክሳብ 100 ሽሕ ዝግመቱ ወተሃደራት ኣመሪካ እዮም ተዋፊሮም ዘለው። ካብዚኦቶም እቶም 36 ሽሕ ኣብ ጀርመን፡ 12 ሽሕ ኣብ ኢጣልያ፡ 10 ሽሕ ኣብ ብሪጣንያ፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ስጳኛን ካልኦት ሃገራትን ይርከቡ። ካብዚ እንግንዘቦ ሓቂ እምበኣር፡ ጀርመን ብቑጽሪ ናይ'ቶም የአንጊዶቶም ዘለዉ ወተሃደራት ኣመሪካ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እያ ተሰሪዓ ዘላ። እዞም 5 ሽሕ ወተሃደራት ንጀርመን ገዲፎም ናብ ሃገሮም እንተ ተመሊሶም ድማ፡ ካልኦት ኣስታት 30 ሽሕ ኣመሪካውያን ወተሃደራት ኣብታ ሃገር ክተርፉ እዮም ማለት እዩ። ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ቍጽሪ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክብ ክብል ከም ዝኽእል ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ብምእማቱ፡ ኣመሪካ ኣብ ጀርመን ዝጸንሓ ወተሃደራዊ ህላወአ ከብቅዕ ከም ዝኽእል ተንተንቲ ይገልጹ ኣለው። ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ንቑጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ስጳኛን ኢጣልያን ዝርከቡ ወተሃደራቱ'ውን ክንክዮ ከም ዝኽእል እዩ ኣሚቱ ዘሎ።

ወተሃደራዊ ህላወ ኣመሪካ ኣብ ጀርመን እንተ ኣብቂዑ፡ ኣብ ጸላት ምክልኻል ኣመሪካ ዘምጽኦ ስውጢ ይህሉዶ ይኸውን ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህርያዊ እዩ። ብመሰረት እቶም ተንተንቲ፡ ብርግጽ ክህሉ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ኩናት ዩክሬን፡ ዋና ቤት ጽሕፈት ወተሃደራዊ እዚ ኣመሪካ-ኤውሮጳ ኣብ ጀርመን እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኩናት ኣፍጋኒስታንን ዒራቕን ዝተወግኡ ወተሃደራት ኣመሪካ፡ ኣብ ከተማ ላንድስቱል - ጀርመን ኣብ ዝርከብ ማእከል ጥዕና ኣመሪካ እዮም ዝሕከሙ ነይሮም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኤውሮጳ ዝርከብ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ኣመሪካ፡ ቀንዲ መደብሩ ኣብ ጀርመን እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብመሰረት'ቲ ቻንስለር ጀርመን ነበር ኦላፍ ሾላዝን ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነበር ጆ ባይደንን ኣብ 2024 ዝኸተምዎ ስምምዕ፡ ኣብ 2027 ኣመሪካ ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ 'ቶማሃውክ' ዝተሰምየ ሚሳይል ኣብ ጀርመን ክትተክል እያ ተሰማሚዓ ነይራ። ይኹን'ምበር፡ ቻንስለር መርዝ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ መዓልታት፡ ኣመሪካ ብሰንኪ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ሕጽረታት ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ሚሳይል፡ እቲ ናይ ምትካል መደብ ክሰጋገር ከም ዝኽእል እዩ ኣሚቱ። በዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት እዩ እምበኣር፡ ኣመሪካ ሰራዊታ ካብ ጀርመን ይኹን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ እንተ ስሒባ፡ እቲ ስጉምቲ ኑተን መቀናቕንታ ዝኾና ከም ሩሲያን ቻይናን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ሓይልታት ምቹእ ዕድላት ክፈጥረለን ይኽእል'ዩ እናተባህለ ዝግለጽ ዘሎ።

ዝምድና ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ዋላ ደኣ ብሰንኪ ኩናት ኢራን ይሻሕክር እምበር፡ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ምስ እንምልከት ግን፡ ካልእ ድሕሪ ባይታ ዝሓዘ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ በትረ ስልጣን ንኻልኣይ ግዜኡ ካብ ዝርከብ ኣትሒዙ'ዩ ኣብ መንጎአን ዘይምርድዳእ ክረአ ዝጀመረ። ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ከኣ፡ ኩናት ዩክሬን እዩ ነይሩ። ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ኣብ ኩናት ዩክሬን ገፊሕ ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ እዩ ነይሩወን። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ንኩናት ዩክሬን ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሖ እየ ክብል እንከሎ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ግን እቲ ኩናት ብዓወት ዩክሬን ክሳብ ዝዛዘም ክቕጽል እየን ዝደልያኦ ነይረን - ብመሰረት ጸብጻባት። ካብዚ ዘይምርድዳእ'ዚ ዝተበገሰ ከኣ፡ ኣመሪካ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ጀሚራ፡ ካብ ኩናት ዩክሬን ኢዳ ክትስሕብ ምዃና ክተጠንቕቕ ትሰምዕ ኣላ።

እዘን ክልተ ሃገራት ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለዋ ከኣ፡ ኩናት ኢራን ምስ ጀመረ'ውን እዘን እሙናት መሓዙት ኣመሪካ ዝኾና ኤውሮጳውያን ሃገራት ቡብወገነን ቁጥዐአን ክገልጻ ተሰሚዐን። ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ከኣ፡ ኣመሪካ፡ ኩናት ኢራን ቅድሚ ምጅማሩ ምስ'ዘን ሃገራት ብሰንኪ ዘይምምኽኻሩ ምኽኣ'ዩ ዝነገር። እዘን ኤውሮጳውያን ሃገራት፡ ኣመሪካ ከም ኣባል 'ኔቶ' መጠን፡ ቅድሚ ናብ ኢራን ከይዳ ኩናት ምውላዓ፡ ምስኣተን ዝኾነ ዘተ ከም ዘየካየደት እየን ዝወቕሳ። ኩናት ኢራን ቅድሚ ምብጋሱ፡ ኣመሪካ ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ብጉዳይ ደሴት ግሪንላንድ እውን ክትፋሓፋሕ ተራእያ እያ። ኣመሪካ ነታ ደሴት ንምውናን ዘይተቐጠበ ጸዕርታት ከም እተካይድ ክትገልጽ እንከላ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ግን ንድሌታታን ጸዕሪታታን ክጸግኣ እየን ተራእየን። በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ብርክት ዝበለ ምኽንያታት ድማ፡ መራሕቲ ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ኣብ መንጎአም ዘሎ ፍልልያት እናግፍሕዎ ከመጽኡ ጸኒሖም። ጀርመን፡ ዋላ ደኣ ቡቲ መራሒኣ ዝሃቦ ንኣመሪካ ዘቖጥዐ መግለጺ ቀዳመይቲ ግዳይ ናይ'ዚ ብኣመሪካ ዝተወሰደ ሰራዊት ናይ ምንስሓብ ውሳነ ትኹን'ምበር፡ ኣመሪካ ቡተን ካልኦት ዝተረፋ ኤውሮጳውያን ሃገራት እውን ከም ዘይቀሰኮት እዩ ዝነገር።

ኣመሪካ ዝኢ ካብ ጀርመን ንገለ ክፋል ሰራዊታ ናይ ምንስሓብ ውሳነአ ብወግዒ ከየፍለጠት እንከላ፡ ኣብ መጀመርያ መጋቢት፡ ቻንስለር ጀርመን ናብ ዋሺንግተን ተጓዒዙ ምስ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ተዘራሪቡ ነይሩ እዩ። ቻንስለር ጀርመን ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ኢራን ተወሊዑ ዘሎ ኩናት፡ ንኤውሮጳ ኣብ ከቢድ ናይ ጸዓት ቅልውላው ክሸማ ይኽእል እዩ ክብል ኣጠንቂቑ ነይሩ። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ክልተኦም መራሕቲ ክሰማምዑ ኣይከኣሉን ነይሮም።

ኣመሪካ፡ ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀምር ንደሓር እያ ኣብ ኤውሮጳ ንዝጸንሓ ወተሃደራዊ ህላወ ክተሐይሎ ዝተራእየት። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣመሪካ ብመንገዲ እቶም ኣብታ ኣህጉር ዝተዋፈሩ ወተሃደራታ ኣቢላ፡ ኣብ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ኣንጻር ግብረ ሽበራውያን ሓይልታት ክትቃለስ ከም ዝጸንሐት፡ ኣብ ኩናት ኢራን እውን ኑቲ 'ኢፒክ ፍሪ' ክትብል ዝጠመቐቶ ወተሃደራዊ ስርሒታ ክተሰላስል ከም ዝኸኣለት፡ ኣዛዚ ሰራዊት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኣሌክስ ግሪይንዊች ይገልጽ። "ካብ ኤውሮጳ ናብ ኢራን ዘሎ ርሕቀት ሓጺር ብምዃኑ፡ ኣመሪካ ወተሃደራዊ መዓስከራት ሃገራት ኤውሮጳ ተጠቒማ ብዝቐለለ ወይ ድማ ብዝተሓተ ወጻኢታት ንኢራን ክትድኅብድባ ክኢላ እያ፡" ክብል'ውን እቲ ኣዛዚ ወሲኹ ይገልጽ።





# ጽንዓትና ዋሕስና!

ወዲ ሰብ ካብ ካልኦት ፍጡራት ዝፈልዩዎ ባህርያት ክጸብጸብ እንከሎ፡ ቡዳሂ ባህርያቱ እቲ ዝዓበየ ብልጫኡ ምዃኑ ተመራመርቲ ስነ-ሰብ ይገልጹ፤ ንምብዳህ ትብዓትን ተጻዋርነትን ይሓትት። እንስሳታት ካብ ሓዊ ክርሕቁ እንከለዉ፡ ወዲ ሰብ ብትብዓቱን ጥበቡን ንሓዊ ኣብ ጥቕሙ'ዩ ኣውዒሉዎ። ንበዚሕ ካልእ ባህርያዊ ብደሆታት ብትብዓት፡ ተጻዋርነትን ብልሓትን ክሰግር ስለዝኸኣለ ድማ፡ ኣእምሮኡ ኣሰፊሑ፡ ኣብዚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ስልጣኔ ክበጽሕ ክኢሉ።


ሰብ ብደረጃ ኮም ተጠርኒፉ ክነብር ካብ ዝጀመረሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ካብዚ ቡዳሂ ባህርያቱን ንሱ ዘመንጨዎ ብልሓን ፍልጠትን ዝበገሰ፡ መሰረት ማሕበራዊ ህይወቱ ዝኾና ዝተፈላለየ ሓባራዊ ክብርታት ከማዕብል በቒዑ'ዩ። ማሕበራዊ ህይወት ካብ ዘቐሙ ባእታታት፡ ብቐዳማይ ደረጃ ዝሰርዕ ከኣ፡ እቲ በዞም ባህርያት ወይ ክብርታት'ዚኣቶም ዝተሃንጸ ጥሙር ማሕበረ-ስነኣእምሮኣዊ ኣቋውማ እዩ።

ሕብረተሰብ ወይ ሃገር ክንብል እንከለና እምበኣር፡ ብጆኦግራፊያዊ ዶብ ዝግለጽ መሬታዊ ግዝኣትን ኣብኡ ዝርከብ ህዝቢ፡ መንግስቲን ስራዊትን ጥራይ ማለት ኣይኮነን። እኳ ድኣ፡ ህዝቢ ወይ ሕብረተሰብ ዝፈጥር ወሳኒን ረቂቕን ረቛሒ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰቡ ዝሰረጸ ባህልን ክብርታትን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ብዘይ ባህልን ክብርታትን ዝፍጠርን ዝቐውምን ሰብኣዊ ጥርናፈ ወይ ማሕበራዊ ህይወት የለን። መሰረት ህላወ፡ ቀጻልነትን ምዕባለን ሕብረተሰብ ኣብ ዝኾነ እዋን እቲ ክሕሰስ ዝኽኣለ ክብርታት እዩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰባት ዘሎ ክብርታት ዕያኑ ሓደ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ህዝብታት ብመጠን ዝገጠሞም ብደሆታትን ንኡ ንምስዓር ዝሓለፍዎ ተመኩሮን ርዝነት ክብርታቶም ይፈላለ'ዩ።

ኣብ ግዜ ገድሊ. . . ገለ ተዋዘይቲ፡ "ኒሕ፡ ሓቦ፡ ስኢ-ምንካስ፡ ምጽማም" ዝብሉ መግለጺ ልዑል ጽንዓት ዝኾኑ ኣምራት፡ "ኣብ መዝገበ-ቃላትና ጥራይ እዮም ዝርከቡ" ይብሉ ነይሮም። እዚ ዋዛ'ዚ፡ ካልኦት ህዝብታት ከምኡ ዓይነት ባህርይ የብሎምን ንምባል ኣይኮነን። የግዳስ "ጽንዓት" ከም ሓደ ክብሪ ናይ ወዲሰብ፡ ዝለዓለ ጥርዙ ጎሊሑ ዝተራእየሉ ኣብቲ ነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ኤርትራውያን ንናጽነት ምዃኑ ንምምልካት እዩ። ብርግጽ ድማ ኣይተጋገዩን። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ንፈውሲ ማሕላ እኳ "ኣጆኻ!" ዝብሎ ብዓል ድማዕ ከይረኸበ ናጽነት ክደሊ ዘሕለፎ ነዊሕን ጽንኩርን እዋን፡ እንኮ ዋሕሱን ዝተኣማመነሉን ጸጋ፡ እዚ ክብሪ'ዚ እዩ ነይሩ። ጽንዓት!

ርእሰ ነገር ኣርእስትና "ጽንዓት ከም ክብሪ" ስለዝኾነ ድኣ'ምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ህላወኡ ብምውሓስ፡ ስሙር ሃገር ንምህናጽ ዘብቅዖ ካልእ ዝተፈላለየ ብዙሕን ብሉጽን ሕብረተሰብኣዊ ክብርታት ዝውንን እዩ። ጽንዓት ድማ ኣብዚም ክብርታት እዚኣቶም ጎሊሑ ዝጥቀስ እዩ።

ንስለ ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓ ዓበይቲ ሓይልታት፡ ከም ሃገርን ህዝቢን ካብ ካርታ ዓለም ክሕከኽ ዝተፈርደ ህዝቢ ኤርትራ፡ ባህላዊ ትውፊቱ ኣዕሪጉ፡ ከምኡ'ውን ኑቶም ነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ንምስጋር ዘማዕበሎም



ተወሰኽቲ ክብርታት ዓጢቑ፡ ብልዑል ተጻዋርነትን ጽንዓትን ብምቅላሱ፡ መንነቱ ከድምቕ እንተዘይክእል ነይሩ፡ ኤርትራ ብመንጽር ዝገጠማ ከቢድ ብደሆ፡ ክትሰርር ኣምበይ ምኸኣለትን።

እዞም መሰረት ዓወትና ዝኾኑ ክብርታት'ዚኣቶም ዝጠዘሑ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ሰሪቶም ዝጸንሑን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፉ ዝመጽኡን ክኾኑ እንከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ኣብ ገድሊ ንናጽነት ብሓባራዊ ቃልሲን መስዋእቲን ዝተኸስከሱ እዮም። ፍቕሪ ሃገርን መንነታዊ ሓበንን፣ ፍትወት ሓቂን ፍትሒን፣ ጽንዓት ኣብ ዕላማ፣ ልዑል ተጻዋርነትን ዘይጸዓድ መንፈስን፣ ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ስኒትን፣ ጅግንነትን ተብጻውነትን፣ ፍቕሪ ስራሕ፡ ፍልጠት፡ መሃዝነትን ርእሰ-ምርኩሳን ገለ ካብ ድሙቓት ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ እዮም። ጽንዓት ከኣ ከም ክብሪ፡ ዓንዲ ማእከል ናይ ኩሎም'ዩ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ሃገራዊ ፍቕሪ ብዘይብሪ ንምርኣይ ዝጠልቦ ተጻዋርነትን ጽንዓትን ኣሎ። ጅግንነት፡ መዓንጣን ድፍረትን ጥራይ ዘይኮነ ልዑል ጽንዓት እውን ይሓትት። ስእነት፡ ሕሰም ጥሜት፡ ጽምኢ፡ ከቢድ ዕርቃን ወዘተ. ምጽማም እቲ ዝዓበየ መግለጺ ናይ ጅግንነትን ትብዓትን እዩ። ንስለ ሓቂን ፍትሒን ተረርካ ደው ምባል ብዘይ ጽንዓት ዝከኣል ዕማም ኣይኮነን። ርእሰ ምርኩሳ ድማ

ከም ዕላማ፡ ጸገማትን ብደሆታትን ተጻሚምካ ከይሓለፍካ ክበጻሕ ዝኽእል ኣይኮነን።

ኩልና ከምእንፈልጦ፡ ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ፡ ኣንጻር ሓያላት ዝረባረበሉ ዝነበረ ጽንኩር ናይ ቃልሲ እዋን፡ "ትሕዝቶና'ዩ" ዝብል ሓረግ ዝውቱር'ዩ ነይሩ። ከም ትሕዝቶኻ'ዩ ዝዝክር ነይሩ። ትሕዝቶ ኣብ ዘውሕደሉ እዋን፡ ብትብዓት፡ ትዕግስትን ምጽማምን ቃልስኻ ቀጺልካ ትሕዝቶኻ ምዕዛዝ እምበር ካልእ ምርጫ ኣይነበረን። ኣቡቲ እዋን'ቲ "ተጋዳላይ ብኹብዱ ኣይዛረብን'ዩ" ዝብል ቃላት ምስማዕ ልሙድ'ዩ ነይሩ። "ጸዋሪት ንኹን! ሰብ ዓቢይ ዕላማ ኢና፡ ጽንዓት እንተሎ ጸገም ሓላፋይ'ዩ" ንምባል ዝዘረብ ዝነበረ እዩ። ብርግጽ ድማ፡ ኤርትራዊ ተጋዳላይ፡ ፍርቂ ከብዱ፡ ኣብ ጠልጠል ኣጺድፍ እናሓደረ፡ ቀዝሒን ሃሩርን፡ ሕሱም ጥሜትን ጽምኢን ተጻዊሩ'ዩ፡ ኑቲ ኩሉ መሪርን ደማዊን ግጥማት ብዓወት ሰጊሩዎ። ኣብቲ ጽንኩር እዋን፡ ተጋዳላይ ዕርቃኑ ንምሽፋን፡ ጡጥን መርፍእን ኣላጊቡ፡ ብኢዱ ኣጨርቂቲ እናተኻኸበ'ዩ ዝነብር ነይሩ። ኣጸዋር ዘሰንቐ ደጋፊ ኣይነበሮን። "ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ!" እዩ ነይሩ ጭርሖኡ። እዚ ጭርሖ'ዚ፡ ድሌት እንተሎ ካብ ባዶ ነቒልካ እውን ዕላማኻ ምዕዋት ከምዝከኣል እዩ ዘመልክት። ብግብሪ ድማ ተረጋጊጹ። ዝኾነ ኩሉ ጸገማት ኣሰጊሩ ኣብ ዓወት ዘብጽሐ ክብሪ እምበኣር ብቐንዱ ጽንዓት እዩ።

ሕብረተሰቡ ህላወኡን መንነቱን ጥራይ ዘይኮነ፡ ምዕባለኡ እውን ኣብ ክብርታቱ'ዩ ዝምርኮስ። ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት፡ ሃገሩ ሃገሩ ኣብ ጎደና ዘላቒ ዕብየት ንምጽንባር ዘካይዶ ዘሎ ገድሊ. ተዓዋትነቱ ሕጂ እውን ክብርታቱ'ዩ ክውሰኖ። በዚ ምኽንያት ከም ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ህንጸት ሃገር እውን ካብ ባዶ ክትቅል እንከሎ ዝተኣማመነሉ ዝዓበየ ጸጋ እንተነይሩ ክብርታቱ እዩ።

ከምዝፍለጥ ራእይና ከም ህዝቢን ሃገርን፡ ነገራዊን መንፈሳዊን ጠለብ ዜጋታታ ብምልኣት እተረጋግጽ፡ ስልጥንቲን ብልጽግቲን ሃገር ምህናጽ እዩ። እዚ ራእይን ዕላማን'ዚ ግን ንዕኡ ዝበቅዕ ክብርታት ሒዝካ ጥራይ'ዩ ክበጻሕ ዝኽእል። ሓደን ቀንዲን ካብዞም ክብርታት ድማ፡ እቲ ጽንኩር እዋን ክንሰግር ዘኽኣለና ባህሊ ተጻዋርነት፡ ባህሊ ጽንዓት እዩ። ጽንዓት እምበኣር፡ ዕላማና ብምልኣት ጨቢጥና፡ ኣብቲ እንብህጎ ኣጸደ ራህዋን ምዕባለን ክሳብ እንጸርፍ ክብታኡ ከይዘነየ ምሳና ክጓዓዝ ዘለዎ ክብሪ'ዩ። ንሱ እንተጎዲሉ ኣሳልጦ ስለዘይርከብ፡ ብፍላይ እዚ ዘለናዮ ዘመን ዓውለማ፡ ንዘመናት ዝጸንሐ ክብርታት ሕብረተሰብ እናፍሓቐ ዘይክዉንነታዊ ባህጊን ህርፋንን ብምሕዳር ዓቕሊ ዘጽብብ፡ ስደትን ጊላነትን ዘናፍቕ፡ ፖለቲካዊን ባህላዊን መርዝታት ዝዘርግሓሉ እዋን እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓለማዊ ኩነት፡ ብጽንዓት መንነትካን ክብርታትካን ዓቂብካ፡ ናብቲ ዓቢይ ዕላማ ምቕጻል ክኸብድ ይኽእል ይኸውን። የግዳስ፡ ሃገራዊ ራእይን ዕላማን ክሰምር እንተኾይኑ፡ ኣብ ልዕለኻ ዝዘንብ ፖለቲካዊን ባህላዊን መርዚ ተጻዊርካ ብጽንዓት ምምካት፡ ኒሕ መላእ ሕብረተሰቡ፡ ኣውራ ድማ ኒሕ መንእሰያት ክኸውን ይግባእ። ክብርታትና ዋሕስ ህላወና ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዋሕስ ቀጻልነትናን ምዕባለናን ካብ ኮነ፡ ነዞም ክብርታት እዚኣቶም ጸኒዕካ ምሓዝን ምድልዳልን ልዕሊ ካልእ ነገራዊ ትሕተ-ቅርጺታት ዝሰርዕ ወሳኒ ትሕተ-ቅርጺ እዩ።

"ጥሜት ነይቀትል ዘይሸብዳዕዳዕ" ዝብል ምስላ ኣበዋት ትርጉሙ ብዕምቈት ንዘስተንተኖ ዓቢይ መልእኽቲ ዘለዎ እዩ። ዓቕልን ትዕግስትን ምጽማምን እንተሎ፡ ስእነት ግዝያዊን ሓላፊን ምዃኑ፡ ጽሮት ስኢንካ ምህንፍናፍ ግን መውዳእታኡ ናብ ጥፍኣት ዘምርሕ መገዲ ምዃኑ'ዩ ዘመልክት። ስለዚ እቲ ዕዉት ጉዕዞ፡ ክንዶ ግዝያዊን ሓላፊን ጸገማት ኣርሒቕካ ብምጥማት፡ ኣብ ዓለም ምዕሩይ ተሻራኺ ብልጽግናን ስልጣነን ናብ እትኾነሉ ደረጃ ምሕኳር ጥራይ እዩ። እዚ ድማ ልዑል ተጻዋርነት ይጠልብ፡ ካልእ ብተኣምር ኣብ ቅርዓት ራህዋን ቅሳነትን ዘብጽሕ በትረ-ሙሴ ስለዘየልቦ።

ካብ ላህመታዊ መግለጺታት ርሒቕና፡ ድሕሪ ናጽነት ዝሓለፍናዮ ጉዕዞ ብውድዓውነት ምስ እንግምግም፡ ህዝቢ ኤርትራ ክብርታቱ ዓቂቡ፡ ናብቲ ዓቢይ ሃገራዊ ዕላማን ራእይን እናቋመተ፡ ሃገራዊ ልኡላውነቱ ከየድፈረ፡ ጸገቡ ዝሓድረላ መሬት ክፈጥር ለይትን ቀትርን ብትግሃት ብምስራሕ ብዙሕ ዕዮታት ዘሳለጠሉ፡ ንቁጠባዊ ዕብየት ወሳኒ መሰረት ዘንጸፈሉ መድረኽ'ዩ ነይሩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ክብርታት እምበኣር፡ ናጽነት ንምምጻእ ተኣምር ሰሪሑ፡ ናብ ወለዶ ልምዓት ብምስጋር፡ ገና ተኣምር ይሰርሕ ኣሎ ክንብል ንኽእል ኢና። እሞ ኸኣ ምስ ከቢድ ብደሆታትን ተጻብኦታትን። የግዳስ ክብደት ናይቲ ተጻብኦታት ብኻልእ ሸነኽ ንሓይልናን ጽንዓትናን ዘጉልሕ ብምዃኑ ሓበንና ዘዕርግ'ዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ምስ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ተራጺሞም ዝበርዓኑ ተጻብኦታት ጸብጺብካ ዝውድኡ ኣይኮኑን። ዝዓበየ መርኣያ ናይዞም ተጻብኦታት፡ እቲ ግሲጋሰ ውልዶን ትስፍውቲን ሃገርና ብኢጋ ንምቑጻይ ዝተፈነወ ቅሉዕ ውተሃደራዊ ወራር'ዩ። የግዳስ፡ እቲ ዕንደራ፡ ኣብ ቅልጽም መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ሓቒቑ። እቲ ወራር ምስ ፈሸለ ድማ፡ ኑቲ ዝተፈጸመ ገበን ንምሕባእ፡ ድምጽና ንምዕባስን ኣእዳውና ቀዪድካ ናይ ርእሰ-ምክልኻል ጉልበትና ንምምካንን ማእሊያ ዘይብሎም ሸርሒታት ሰዲቦም። ሃገር ሰባ ንምብዳም ብዘተወደበ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ክፍጸም ዝጸንሐ ናይ ፍልሰት ገበናት፡ ርግኣት ንምዝራግን ወህደት ንምልሕላሕን ዝተኻየደ ሃቐነታት፡ ዲፕሎማሲያዊ ተነጽሎ ንምስግዳድ፡ ባህላዊን ማሕበራዊን ብረዝ ንምንጋስ፡ ስም ደዊንካ ንምስይጣን ዝተኻየደ ስነኣእምሮኣዊ ኩናት፡ ኩሉ ዕላማኡ፡ ኑቲ ብዓረርን ሓዊን ዘይተኻእለ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ምልሕላሕን ምጽዓድን እዩ ነይሩ። ሃገርን ህዝቢን ብድኽነትን ዓጸቦን ቁጠባዊ ሕሰምን ተሸጊሩ ምእንቲ ክሳቐን ክሃዓዱን ክስደድን ካብ ዓበይቲ ልምዓታዊ ወፍርታት ምዕንቃጽ ጀሚርካ፡ ክሳብ'ቲ ኣብ ወጻኢ. ርሂጹ ዝነብር ዘሎ ዜጋ ንቤተሰቡ ዝሕውሎ ገንዘብ ንምሕናቕ ክኻየድ ዝጸንሐ ሸርሒታት ድማ፡ ዕላማኡ ዓቕሚ ከይነሰሰን ምሕንኳል'ዩ።

እንተኾነ ኩሉ'ዚ ተጻብኦታት ምስናይ ጻዕቒን ዓይነታቱን፡ ንባህሊ ተጻዋርነት ህዝቢ ኤርትራ ክሰዓሩ ኣይተኻእሎን። ማህሰይቲ ኣየውረደን እኳ እንተዘይተባህለ፡ ዕላማኡ ግን ኣይወቐዐን። ሕብረ ብዙሕ ሸርሒን ተጻብኦታትን ንህዝቢ ኤርትራ ጀሆ ክሕዝን ካብ ስራሕን ግሲጋስን ኩብኮርን ኣይከኣለን። ምኽንያቱ፡ ብዘኾነ ዓይነት ዕንቅፋት ከይተረበሽኩ፡ ብጽንዓትን ተጻዋርነትን ኣብ ዕላማኻ ረጊጽካ ምቕጻልን ምዕዋትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ ዝተመኩረሉን ዝመለኾን ጉዕዞ እዩ። ዝሓለፈ ጉዕዞ፡ ኣገዳሲ ዕዉትን ውሑስን ከምዝኾነውን ዝገበረ፡ ጽንዓትና እዩ። ንቀጻሊ እውን ዋሕስ ዓወትናን ልምዓትናን ንሱ እዩ። ሕጂ እሞ ኸኣ፡ እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት ሰጊርና፡ ኣብ ውሑስ ባይታ ረጊጽና፡ ካብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝያዳ ዘተኣማምንን ጭቡጥን ዕድላት ኣብ ቅድሜና እናርኣና ንግስግስ ስለዘለና፡ ክብርታትና እንተዓቂብና፡ ብስራሕናን ጻዕርናን ኣብ ጎደና ዘላቒ ዕብየት እንጽንበረሉ፡ ዓቢ. ልዑል ተጻዋርነትና እንሓፍሰሉ መድረኽ ርሒቑ ኣይኮነን።

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዱ ዑቕባሚካኤል

መበል 25 ክፋል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

*ክቡር ኣንባቢ፡ ኣብ መበል 23 ክፋል ትረኻና፡ ብዛዕባ ኣማዓባብላን ተመኩሮታትን ብርጌዳት ክ/ጦር 18፡ ከምኡ’ውን ካብ ዕለት 24 ለካቲት ጀሚሩ ናብ ጸጋማይ ግንባር ናቕፋ ብምእታው ንዝገበሮ ፈተነታት መጥቃዕቲ፣ ምስቲ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1982 ናብቲ ግንባር ዝተጸንበረ ብርጌዳት ክ/ጦር-2 ተወሃሂዱ ንዓንቀር ጸሊም ነ/ብ 1826 ንምቁጽጻር ብጸቢብ ቦታ እናበሳዕካ ድፋዕ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንምፍራስ ዝፈተኑዎ መጥቃዕቲ ከም ዘይሰለጦም ርኢና ነይርና። ብፍላይ ክ/ጦር-2 ኣንፈት መጥቃዕቱ ንጸጋም ብምቕያር ናብ ነ/ብ 2059 ፍሹል ፈተነ ከም ዝገበረ፣ ንድሕሪ-ባይታን ተመኩሮ ውግእን ብርጌዳት ክ/ጦር-2 ንምግላጽ ብፓራኮማንዶ ብርጌድ-2 ጀሚርና ሓደ ብሓደ ክንገልጾም ከም ዝጀመርና፣ ኣብ መበል 24 ክፋል ናይዚ ጽሑፍ’ዚ ድማ፡ ንተኸታታሊ ጽሑፋት ሌ/ኮሎኔል በኹረጼን ገብረሚካኤል (ኢ.ፒ.ኣር.ፒ) ወንዚፍና፡ ኣብ “ናቕፋ ትረኣየኒ ኣላን” ታባ ውፉያትን ብዛዕባ ዝተኻየደ ውግኣት ኣመልኪቱ፡ ኣባል ቦጦሎኒ 58.3 ገዲም ተጋዳላይ ወለደሚካኤል ተኽለሰንበት ንዘካፈለና ተመኩሮን ዝሃበና መኣረምታን ኣቕሪብናልካ ነይርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ትረኻና እምበኣር፡ ነቲ ኣብ መበል 23 ክፋል ጀሚርናዮ ዝነበርና ሌላ ምስ ብርጌዳት ክ/ጦር-2 ነቕርበልካ ኣለና፡*

ብርጌድ 31 ናይ ክ/ጦር-2፡ ልክዕ ከም ፓራኮማንዶ ብርጌድ-2፡ ምስ ምጅማር ሻድሻይ ወራር ኣብ ግንባር ሓልሓል ተሰሊፉ ተዋጊኡ ነይሩ። ቀሊል ዘይኮነ ክሳራታት ከኣ ወሪዱዎ። እዚ ብርጌድ’ዚ ንኻልኦት ብርጌዳት ክ/ጦር-2 ቀዲሙ ምስ ክ/ጦር 24 ናብ ግንባር ናቕፋ ከም ዝኣተወ’ዩ ዝፍለጥ። ብወገን ኣርወ (ሳልፈር) ብምስላፍ ድማ ናብ ነ/ብ 1702 ንምድያብ ተደጋጋሚ ፈተነታት ገይሩ። ብፍላይ ብ19/3/82 ኣብ ዝተገብረ ውግእ፡ እዚ ብርጌድ’ዚ ናብ ነ/ብ 1702 ከሲግር ዝኽእል መሬት ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ካብ ሰራዊት ወገን ከቢድ ተቓውሞ ኣጋጢሙዎ። ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ጸረ-መጥቃዕቲ ክጻወር ስለ ዘይከኣለ ኸኣ፡ ጸኒዑ ትእዛዝ ሳዕለዎት ሓለፍቱ ብዘየገድስ፡ ነቲ ዝተቘጻጸሮ ቦታ ጠንጢኑዎ ወሪዱ። እዚ ተግባር’ዚ ምጥሓስ ወተሃደራዊ ዲሲፕሊን ተባሂሉ፡ ኣዛዚ ብርጌድ 31 ኮሎኔል ምክኤል ካብ ሓላፍነቱ ከም ዝእለ ተገይሩ። ከምኡ’ውን ብዕለት 19/4/82 ምስ ብርጌድ 34 እናተሓጋገዙ ንጥቢ ብራኸ 2059 ንምሓዝ ኣብ ዝገበሮ ፈተኑ ኣብ ወሽጢ’ቲ ሰራዊት ሓደሓደ ኩነታት ስለ ዝተፈጥሩ፡ እቲ መጥቃዕቲ ተቛሪጹ።

በዚ ልዕል ኢልና ዝገለጽናዮ ምኽንያት፡ ብርጌድ 31 ኣብ ኩሉ ፈተነታቱ ኣድማዒ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ከበቲታት ናይ መጥቃዕቲ ፈተነታት ከካይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዕለት 11/4/82 ብኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዝተፈነወሉ መጥቃዕቲ፡ እቲ ብርጌድ ብዘይዳ ናይ ወግእ ዲሲፕሊን ክፈርሶ ተራእዩ። ብሰንኪ’ቲ ተርእዮ’ቲ፡ ኣዛዚ ሓንቲ ሻለቃ፡ ከምኡ’ውን ሓለፍቲ ወፍርን ፖለቲካን ተኣሲሮም።

ብርጌድ 34 ናይ ክ/ጦር-2 እውን መጀመርታ ኣብ መጥቃዕቲ ከበቲታት ዓንቀር ጸሊም’ዩ ተሳቲፉ። እዚ ብርጌድ’ዚ’ውን ናብቲ ከበቲ መጥቃዕቲ ምስ ጀመረ ከይደንጎየ ጉዱ ተቓሊዑ። ምንቅስቓሱ፡ ተዓጊቱ ምንቅ ክብል ስለ ዘይከኣለ፡ ሓደ ሻለቃ ናይ ክ/ጦር 18 ደራቢካ ንምጥንኻሩ ፈቲኑ፣ ግን ፋይዳ ኣይረኸበሉን። እዚ ብርጌድ’ዚ፡ ብዕለት 9/4/82 ከምኡ’ውን ብዕለት 10/4/82 ምስ ሳልሳይ ብርጌድ ተወሃሂዱ ኣብ ልዕሊ ነ/ብ 2059 ተደጋጋሚ ጸቕጢ ክገብር ፈቲኑ፣ ኣብዚ’ውን ወጽኢት ኣልቦ ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ ሰሙን ወርሒ 3/82ን ኣብ መወዳእታ ሰሙን ወርሒ 4/82ን ብበርቱዕ ውግኣት ስለ ዝተጻምደ ክሳራታት በጺሑዎ ናህሩ ኣብኡ ስለ ዝወድአ፡ ኣብ ምክያድ ወተሃደራዊ መናውራታት ተሓጺሩ ተሪፉ።

ብርጌድ 88 እውን ኣካል ክ/ጦር-2 እዩ። ዝበዝሑ ኣባላቱ ናይ ብሄረ ኣምሓራ መበቆል ዝነበሮም እዮም። ዝጋኸን ጠለባትን ምዕዝምዛምታትን ከም ዘይነበሮ እዩ ዝፍለጥ። ግን፡ ዝተፈላለዩ ናይ ወግእ ውዕሎታቱ ክየምግም እንከሎ፡ ካብቶን ካልኦት ብርጌዳት ዝተፈልየ ወኒ ዝነበሮ ኣይኮነን። እዚ ብርጌድ’ዚ ካብ ዘየደዶም መጥቃዕትታት፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ወገን ተፈጢሮም ተባሂሎም ዝዝከሩ ጸቕጢታት የለዉን። ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ብርጌድ’ዚ ካብ ኤርትራ ወጺኡ ናብ ጎንደር ክቕየር እንከሎ፡ ክብ ዝበለ ግብጃ ብምድላው ታሕጓሱ ገሊጹ። ኣብ ወግእ ኤርትራ፡ መዓልታዊ ኣማኢት መንእሰያት ኣብኡ ክቕዘፉ ምርኣይ ስለ ዘኾነልዎ፡ እቲ ሰራዊት ናብ ማእከል ሃገር (ኢትዮጵያ) ክምለስ ምኽኑ ምስ ተገልጸሉ፡ ብሕልፊ ሓጎስ ከም ጓል ኣደጊ ዓንዲሩ። ዳሞግሃይ ናብ ኤርትራ ከይምለስ እናጸለየ ተበጊሱ።

ውግእ ኤርትራ፡ ኣብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ህዝቢ’ውን ኣሾኽሒኹዎ እዩ። ስድራቤታት፡ ናብ ኩናት ኤርትራ ዝዘመቱ ወላዶን ይምለሱ ስለ ዘይነበሩ፡ ናብ ኤርትራ ከም ዝሰደ እንተፈሊጠን ካብ መርድእ ፈልየን ይርእያኦ ኣይነበራን። ኣብ ባህሊ ኣደታት ብሄረ ኣምሓራ፡ ንምረት ሓዘን ብኽልተ ኣእዳወን ንኣፍልበን እናደገደጋየን ዝገልጽኦ። መርድእ ሞት ወላደን ክነግራን ብ “ኢልቃሽ” (ኣላቕስቲ) ተሰኒየን መሪር ሓዘን ምሕላፍን በዚሑ። ‘ኢልቃሽ’ (ኣላቕስቲ)፡ “ከውግያ መጥፎ ናቕፋ! ከመኪና መጥፎ ኢየፋ!” ኢሎም ንምረት ኲናት ኤርትራ ገሊጾሞ። ኢየፋ፡ ብቐሊሉ ትግልበጥ ስርሓት ሕብረት ሶቬት ሕማቕ ወተሃደራዊት መኪና እያ። ብዙሕ ግዜ ወተሃደራት ኣሳፊራ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክትንቀሳቐስ፡ እናተገልበጠት ህይወት ብዙሓት ሰባት ትልክም ስለ ዝነበረት’ያ “መጥፎ” ዝበልዋ። ከምኡ’ውን ዝበዝሑ ካብቶም ናብ ኤርትራ ዝወፈሩ ወተሃደራት ኣብ ምርብራብ ውግኣት ናቕፋን ካልእን ዘዘወፈረ ሓቐቖም ይተርፉ ስለ ዝነበሩ፡ ኣሾካትካሒ. ወረ ምረት ውግእ ናቕፋ፡ ክሳብ ማእከል ሃገር ኢትዮጵያ ተዘርጊሑ። “ንሶሚን ዝወፈረ ኣይምለስን” እናበሉ ምስ ኣሰቃቒ ዘመን ተጸብጺቡ።

ብሸነኽ ጸጋማይ ግንባር ንዝነበረ ኩነታት ኣጠቓሊልካ ክርአ እንከሎ፡ ቅርጺ መሬቱ ኣጸድፍን ቀጻሊ ብጎመ ይሽፈንን ስለ ዝነበረ፡ ጸላኢ ንኽእቱ ጸቢቕ ጉልባብ ኮይኑ ይሕግዞ ነይሩ። ክሳብ ኣብ ድፋዓት ህዝባዊ ሰራዊት ዝበጽሕ ፈጺሙ ይረአ ኣይነበረን። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡ ዝተፈላለየ ሰዓታት እናመረጸ፡ ማለት፡ ንግሆ፡ ምሸት፡ ለይቲ ሰዓት ሓደ፡ ሰዓት ሰለስተ ወጋሕታ ወዘተ እናቐያየረ ፈቲኑ። ኣሃዱታት ህሲ ሓዘንኦ ዝነበራ ቦታታት ሰፋሓት ዝነበሮ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ካብ ኣርወ ክሳብ ኢትሓልቡብ መካኣኸሊ ድፋዕ ኣይተሰርሓሉን። ብዘይካ’ዚ ኩሉ ንናሮ ዝሃዝምዝም ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ጸረ-መጥቃዕቲ ንምውሳድ ኣይጥዕምን’ዩ። ተበጊሶ ክትወስድ ኣብ ዝወሰንካሉ ንቕልቁል ክትወርድ ስለ እትግደድ፡ ንረሻሻትን ታንክታትን ጸላኢ ኢኻ ትቃላዕ። ስለ’ዚ ኣብ ዘለኻዮ ኴንካ ንዝመጽኣካ ወቒዕካ ንምምላስ እንተዘይ ኮይኑ፡ ካብ ድፋዕካ ወጺእካ ከተርሕቕ ጸገም ነይሩ።


ኣብ ምክልኻል ተጸሚዱ ዝነበረ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብሰንኪ ካብ ጸላኢ ዝጋጠሞ ተደጋጋምን ቀጻልን መጥቃዕትታት፡ ዓቕሚ ሰቡ ስለ ዝተጓደለ፡ ቦታታት ንምዕጻው’ውን ብዘይ መጠን ይሸገር ነይሩ። ኣጉዳሲ ንዝበዝሕ ቦታታት ጥራይ ብኽልተ ሰለስተ ተጋደልቲ እናዓጸኻ ካብ ካልእ ጋንታታትን መሳርዕን እናሰሓብካ ወግእ ዘጸዓቖ ቦታታት ይዕጾ ነይሩ። ውግእ እናተኻየደ፡ ማዕረማዕረኡ እናተቐዳደምካ ድፋዓት ይስራሕ ስለ ዝነበረ፡ ብመጠኑ ካብ ደብዳብ መዳፍዕ ምክልኻል ይግበር ነይሩ። ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ናይቲ ወራር፡ ድፋዕ ብምስራሕ፡ ነቲ ቦታ ብምምላኽን ምፍላጥን ክሰራታት እናኣውሓደ ይኸይድ ነይሩ።

ገለ ኣሃዱታት ሓዘንኦ ዝነበራ ቦታታት፡ ተኸሽፊ (ንጸላኢ ቅሉዕ) ስለ ዝነበረ ብቐትሪ ክእቶ ዝከኣል ኣይነበረን። ኣብቲ መጀመርታ ንኹሉ መሕለፊ ቦታታት ከቢድ ብረት ኣሲሩሉ ስለ ዝነበረ፡ ወላ ግመ እንተነበረ ክትንቀሳቐስ ኣጸጋሚ ነይሩ። ለይቲ’ውን ፈተነታት ምጥቃዕን ደብዳብ ከቢድ ብረትን ደው ስለ ዘይብሉ፡ ፈጺሙ ዝድቕስ ተጋዳላይ ኣይነበረን። ንጥሪታት ምግብና ከተካይድ ምንቅስቓስ ክትገብር ግድን ስለ ዝኾነ፡ እሞ’ቲ መተሓላለፊ መገዲ ንጸላኢ ቅሉዕ ብምዃኑ፡ ሓደሓደ እዋናት ተጋደልቲ ክሳብ ክልተ መዓልታት ብዘይ መግቢ ጾምም ዝውዕሉሉ ኩነታት ነይሩ።

ኣብ ኣርወ ክሳብ ፍርቂ ወርሒ 4/82 ቀጻሊ ደብዳብ፡ ሓላሊፉ’ውን ነቲ ቦታ ንምሓዝ ፈተነታት ውግእ ይካየድ ነይሩ። ብወገን ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቲ ዝነበረ ድፋዓት ኣተኣሳሲርካ ንምሓዝን ንምድልዳሉን መተሓላለፊ ካናለታት፡ ድፋዓት፡ መዕቆቢ ጉዝጓዝ መስርሒ ህድሞ ዝኸውን ኣግራብ ኣብ ምቕራጽ፡ ንዓንቃፊ ምንቅስቓስ ጸላኢ እናተኸላኸለ ንጥሪታቱ የካይድ ነይሩ።

ማእከላይ ክንፊ ናይቲ ግንባር - ከበታት መሽታይ፡ ቆፕት፡ ሓርጠጠት፡ ራርሒ፡ ሮረት፡ ኮብን ሓርማዝ - ከም ቀዋምን ቀንድን ድፋዓት ህሲ ዝርአ ዝነበረ መካኣኸሊ ማስመር’ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ኣስጠምካ ክታሓዝን ድልዱል መካኣኸሊ ክስራሓሉን ተጻዒሩ። ኣብዚ ማስመር’ዚ ዝነበራ ኣተሓሕዛ ኣሃዱታት፡ ብርጌድ 58 ኣብ መሽታይ፡ ጨሓታይን ሮረትን፡ ብርጌድ 51 ካብ መሽታይ ክሳብ ጕምጕም ሩባ ግርግር፡ ብርጌድ 77 ኣብ ዓበ፡ ራርሕ ብምሓዝ፡ ናብ ሩባ ግርግርን ሽኩናብን ይዝርጋሕ ነይሩ።

ጸላኢ፡ ብዕለት 13/2/82 ንኣጭፈረት፡ ኮብንን ሓርማዝን ዝተባህላ ቦታታት ብለይቲ ሓዚወን። ብዕለት 15/2/82 ብወገን ራርሕ ካብ 50 ዘይበዝሑ ሰራዊት ኣንቀሳቒሱ። ቅልጡፍ ስጕምቲ ምስ ተወስደሉ ኸኣ፡ ድሕሪ ናይ 15 ደቓይቕ ውግእ ጸላኢ ሃዲሙ ናብ መበገሲኡ ተመሊሱ። ብዕለት 16/2/82 እውን ብወገን መሽታይን ሓርጠጠትን ካብ ሰሜናዊ ተበጊሱ ኣንጻር ቦጦሎኒ 51.2 መጥቃዕቲ ኣካይዱ። ኣብ ሓይልታት ወገን፡ ጸላኢ ክሳብ ኣብ ርሑቕት ዳርባ ቦምባ ኢድ ዝበጽሕ ዝኸውን ግብረመልሲ ከይወሃቦ መምርሒ ተመሓላሊፉ። በዚ መሰረት፡ ጸላኢ ኣጸቢቑ ናብ ድፋዓትና ክሳብ ዝቐርብ ብዘይ ተኹሲ ተጸቢዮም። ምስ ቀረበ ብቦምባ ኢድን ብጠያይትን ኣጥቂዖሞ። ሓይልታት ወገን ንፍርቂ ሰዓት ዝኸውን ኣብ ድፋዓተን ኮይነን ክጻፍዓኦ




ነቲ ቦታ ብምምላኽን ምፍላጥን ክሰራታት እናኣውሓደ ይኸይድ ነይሩ።

ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናይ ጸረ-መጥቃዕቲ ስጕምቲ ብምውሳድ ንኣስታት ሓሙሽተ ሰዓታት ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ብዙሕ ቦታታት ተቘጻጺረን። ድሕሪኡ ግን መሬት ስለ ዝጸልመተ፡ ቦታ’ውን ስለ ዘይመችአን እቲ ውግእ ጠጠው ክብሎ ተገዲደን።

ብወገን መሽታይ’ውን ቦጦሎኒ 51.1 ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ፡ ኣብ መጀመርታ ንጸላኢ ንድሕሪት መሊሱዎ ነይሩ። ጸላኢ ግን መጥቃዕቱ ደው ኣየበለን። ክሳብ ዕለት 19/2/82 ነቲ ውግእ ብዘይ ምቁራጽ ቀጺሉዎ። ናብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡ ብወገን ናቕፋን ኣግራዕን ዝነበረ ኩነታት እናተቐያየረ ስለ ዝኸደ፡ ህሰራዊት፡ ካብ መሽታይን ቆፕትን ኣንሳሒቡ ናብ ሮረት (ኣብቲ ናይ 79 ድፋዓቱ) ክምለስ ወሲኑ።

ብዕለት 22/2/82 ሓንቲ ሓይሊ ካብ ብርጌድ 51 ምስ ሓንቲ መሳርዕ ወያ፡ ነቲ ኣብ ግዱድ (ቦታ) ደየቡ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ፡ ሰዓት 05:00 ሃጺመን ከም ዝለቅቕ ገይረንኦ። እቲ ቦታ ንምሓዙ ሕማቕ ስለ ዝነበረ ግን፡ ነቲ ዝተቘጻጸራኦ ቦታ ገዲፈን ናብ መበገሲ ቦታአን ተመሊሰን። ብዕለት 25/2/82 ንግሆ’ውን ብኻሊን ጉድን ንዝወፈረ ሓይሊ ጸላኢ ብጸረ-መጥቃዕቲ ናብ መበገሲኡ ከም ዝምለስ ተገይሩ።

**ሌ/ኮሎኔል በኹረጼን ገብረሚካኤል**
**(ኢ.ፒ.ኣር.ፒ)**
**ይ ቕ ጽ ል**


ምሩኻት ወተሃደራት ስርዓት ደርግ


ኣብ ርሱን ውግእ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ሳሚኤል ገብረመድህን ተኸሳሲት ወይዘ የውሃንስ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ከሰስቲ ዝቑን ገብራይ ሃብቱ፡ ተኸሰስቲ፡ 1. ጴጥሮስ የውሃንስ 2. ንግስቲ ስእለ ወልደሚካኤል 3. ንግስቲ በየኑ ከሰስ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ማስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ተኸሰስቲ ንግስቲ በየኑ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተገልጠ፡ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኺ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣብርሃለይ ዓንደ ገብረዝጊ ስም ኣቦ ኣደይ ኣልጋሽ ስብሃቱ ብርሃ ምግል ተረፉ ኣልጋሽ ወልደስላሴ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ምራጭ ፍስሃ ዑቕባስላሴ ምግል ተረፉ ምራጭ ፍስሃ ዑቕባስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲ ጸጋብርሃን ሃይለ ኣስፍሃ ተኸሳሲ ገብረሂወት ፍጹምብርሃን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 22/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲ ሃይለ ኣረጋይ ወልደስላሴ ተኸሳሲ ኣብርሀት ዘርኣይ ገብረሚካኤል ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 22/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ዓብዱ እድሪስ መሐመድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና መሓመድ ኣደም ምግል ተረፉ ፋጥና መሐመድ ኣደም ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 11/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ መሓመድ ዓሊ እድሪስ ምግል ተረፉእድሪስ መሓመድዓሊ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 11/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ዓሻ ስሌማን መሓመድ ምግል ተረፉ መርየም ስሌማን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ጴጥሮስ ገብረእግዚኣብሄር ገብረጊዮርጊስ ኣደይ ንግስቲ ኤማን ተኸለይ ስለዝዋረሬት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 18/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ሂወት ገብረሚካኤል መሃሪ ወደይ ተስፋይ ክብርኣብ ብርሃ ስለዝተሰውኡ፡ ወላዲ ይኹን ሓዳር ስለ ዘይብሉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ያውልዮና ብርሃ ወልደሩፋኤል ምግል ተረፉ የልዮና ብርሃ ወልደሩፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘቢብ ኪዳ ወልደስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ኢብራሂም ኣብዛከር ዓብደላ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሊ መሓመድ ከሊፋ ምግል ተረፉ ዓሊ ከሊፋ ጸደዋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከብራ ክሻ ሓምድ ምግል ተረፉ ከድጃ ክሻ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮኾብ ገብረ ተስፋማርያም ምግል ተረፉኮኾብ ገብረ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓወት ተኸስተ፡ ርብል ተኸስተ፡ ሳይሞን ተኸስተ፡ ስም ወላዲና ተኸስተ ከርስ ምግል ተረፉ ከስተ ከርስ መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት ሃብቶም ገብረመድህን ምግል ተረፉሕርይቲ ሃብቶም ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ዑቕቡ ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ተኸስተ ዓንደ ጋርዛ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ማና ኣድሓኖም ወልደስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት ሃብተኣብ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/ቤ/መሰል ዳንኤል ተኪኤን ብፍ/ቤ/ዕዳን ማክዳ ተኪኤ +2ን ዘተኣዕለ ናይ ውርሻ ክርክር፡ ብስም ነፍ/ሄራት ለተብርሃን በዛብህ ኣብይ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡002316 ተመዝጊቡ ዘሎ ኣብ 500 ት/ሜ ዝተደኮነ ጂ+1 ህንጻ ኣብ ዚፕ ኮድ ቲራቮሎ 1A744 ጎደና ሕጽይቶ ቁ/ገዛ 47 ፕሎት 93 ቁጽሪ ፓርሰል ዞን ASP0018497 ፓርሰል L ዝርከብ፡ ዝኾነ ካብዚ ፍርቂ ክፋሉ ኣብ 250.00 ት/ሜ ኣብ ክፋል "A" ዝርከብ 10 ቀንዲ ክፍልታትን 7 ሓገዝቲ ክፍልታትን ዝሓዘ ህንጻ ብሓራጅ ተሸይጡ ሰብ ጉዳይ ብጽሒቶም ክማቐልዎ ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ በዚ ትእዛዝ መሰረት ንምፍጻም፡ እዚ ገዛ ብሓራጅ ንምሻጥ ብክኢላ 1.238,225.90 ናቕፋ (ሓደ ሚልዮንን ክልተ ሚእቲ ሰላሳን ሸሞንተን ናቕፋ 90%) መበገሲ ዋጋ ሓራጅ ዝተገመተ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ዝተረቖሐ መጠን ገንዘብ ኣብ ሰታሪት ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋና ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ ከእቱ ይኽእል። ኣብ ዕለተ ሓራጅ ድማ ናይ'ቲ ብክኢላ ዝተዋህበ ግምት 1/4 (ሓደ ርብዒ) ብስም ዋ/ፈ/ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንኪ ተጠራቃሚ ደብተር ብኣካል ወይ ድማ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ደው ኣይብልን።

ዕለት ሓራጅ፦ 9/06/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ቁ/64 መጺእኩም ክትውከሱ ትኽእሉ።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ኣነ ይሕደጋ ንጉሰ ወልደጋብር +26፣ ኣብ ከተማ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ከበቢ ኣልጌን ፕሎት 114 ፓርሰል F ዚፕኮድ 1A177 ጎደና 177-10 ቁጽሪ ገዛ 11 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ. ንብረት 1BRASM0003437/1 ብዕለት 23/04/26 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸልና ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ክንሸጦ ስለ ዝደለና፣ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ክነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ይሕደጋ ንጉሰ ወልደጋብር +26

## ም ል ክ ታ   ጨ ረ ታ

ሬድሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብጨረታ ክሽይጥ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት | መለክዒ | ብዝሒ |
|---|---|---|---|
| | መሸማዕ ናይ ሽኮር | | 12000 |
| | ካርቶን ዓቢ | | 2000 |
| | ካርቶን ንእሽተይ | | 400 |

1. ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸትሉ ዕለት ን10 መዓልቲ ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለዉሉ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኸፈት።
2. ንመኸፈቲ ጨረታ ዝምለስ 50,000.00 ( ሓምሳ ሽሕ) ናቕፋ ትሕዝ ብCPO ጥራሕ ይኸውን።
3. ንብረት ክርእዩ ዝደልዩ፡ ናብ ትካል ብምምጻእ ብመንገዲ ክፍሊ ዕድግን ንብረትን ክረኣ ይከኣል።
4. ንብረት ዝለዓለሉ ግዜ፡ ካብቲ ጨረታ ዝተዓወተላ ዕለት ድሕሪ 6 መዓልቲ ይኸውን።
5. ተጫረትቲ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2025 ዓ.ም. ግብሪ ዝኸፈሉን ፍቓዶም ድማ ነቲ ዝተጫረትሉ ዓይነት ንብረት ዝምልከት ምዃኑ ዝተረጋገጸ።
6. ፋብሪካና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ኮነ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
7.

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ ( ኮካ-ኮላ )

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1.Position: Computer Training and Resource Administrator officer
Department: Employee Service
Section : Training and Development
Number required: One (01)

Primary purpose

• Train Employees in computer systems and applications programs to make employees able to work with computers independently in effective and efficient manner.
• Manage computer lab and provide support to employees attending online training

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS: -**

- Plan for computer training program
- Tailor Training
- Conduct computer training
- Manage Computer Lab
- Evaluate effectiveness of training programs
- Provide user support to the online trainees and general resource center users
- Provide resources center administrative support
- Reporting

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Conduct Training impact assessment and training auditing
- Good verbal and written communication skill in English.
- Produce and maintain effective training results
- Coaching amd monitoring skill
- Assessment and Moderation skill Understanding of instruction design system

**Qualifications:**

- BSc. Or Diploma In computer science or related fields

**Knowledge and Experience:**

- 2 - 5 years' experience as computer trainer .
- 2 - 5 ears office and computer lab administration

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Advanced Computer skills | Communication (English and local language) |
| Great verbal and written communication skills | Respectful |
| Attention to detail | Committed |
| Analytical skill | Integrity |
| Problem solving skill | Conflict resolution |
| Reception skills (ability to greet and receive guests well) | Ability to work towards strict deadlines |
| Adult education | Flexible and open-minded |
| Summarization and report writing skills | High level of accuracy |
| Receive and relay messages effectively | Positive and Professional mannerisms |
| | Friendly and respectful |

2. Position: Graduate Development Program Coordinator
Department: Employee Service
Section : Training and Development
Number required: One (01)

Primary Purpose

- To effectively implement and manage the BMSC Graduate Development Program by planning, coordinating, monitoring program activities, supporting graduate trainees and departments, and ensuring proper budget control and expenditure tracking.

**Main Functions**

- Development and implementation of Graduate Development Program
- Plan & Coordinate implementation of BMSC Graduate Development Program
- Monitor implementation of Graduate Development Programs
- Report on individual Graduate trainees' & GDP progress
- Provide Administrative support to the Graduate Trainees & PDP implementing departments
- Budgeting and Expenditure tracking
- Stakeholder Engagement and Relationship Management.
- Maintaining budget and tracking of expenditure.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Development and review of Graduate Development Program
- Compliance and Continuous Improvement

**Knowledge, Experience and Skills**

| **Qualifications:** |
|---|
| Degree in Management or mining related field |
| Second-grade driving licence |
| **Knowledge and Experience:** |
| 2 Years of Accounting knowledge |
| 1-3 years' experience in accounting environment |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Advanced) | Integrity |
| Communication (English and local language) | Assertiveness |
| Management skills | Interpersonal Relations |
| Attention to detail | Conflict resolution |
| Analytical skill | Ability to work towards strict deadlines |
| Coordination skills | High level of accuracy |

3.Position: Human Resources Officer
Department: Employee Services
Section: Human Resources
Number required: One (01)

**PRIMARY PURPOSE**

- Responsible for all Human Resources Administration as well recruitment in area of responsibility.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Describe the fundamental duties and functions of the job (what is done and why).

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Administration
- Recruitment
- HR Documentation
- Performance Management
- Terminations
- Reporting
- Promotions and Transfers
- Others

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Ability to work in a high pressure, fast paced, multicultural environment which demands various skills and experiences to provide effective human resources services to the organization; the candidate must be Physically and Medically fit.
- Carry out any other duties or instructions as requested by the incumbent's supervisor or manager

| Qualification | Knowledge and Experience |
|---|---|
| Essential- Diploma (Human Resources, Management, Psychology, Personal Management) | Minimum one year's experience in employee administration including hiring, looking after, and terminating employees and minimum one year's experience in using Microsoft Word, Excel, and Outlook in a business environment. |
| Desirable- Degree (Human Resources, Management, Psychology, Personal Management) | |
| Desirable- Driving license | |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>Proficient in HR System<br>Attention to detail<br>Knowledge of Policies, Procedures and Processes<br>Ensure that HR audit requirements are met<br>Address HR issues<br>Business Communication skills<br>Knowledge of current legislation<br>Administrative skill<br>Report writing skills<br>Knowledge of current Labor legislation,<br>Analytical skills | Demonstrate excellent people management and interpersonal skills, as well as the ability to deal with in different types of people at various levels.<br><br>Friendly, empathetic, and open-minded, with high standards of personal and professional integrity, fairness, and an unbiased approach |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**
- **Address: Please mail your applications to: -**
- **Bisha Mining Share Company,**
- **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዘቤታዊ ፍወሳ ንነድሪ ሓናት



ክሊማ ኣብ ዝቀያየረሉ ወቕቲ፡ ዝሑል ጸሓሉ ሙቐት ክጀምር እንከሎ ክሽውን ይኽእል፡ ሓያሎ ሰባት ብፍላይ ህጻናት ጉረሮኦም ክሓሙን መግቢ ምውሓጥ ክኣብዮምን ኣስተብሂልኩም ትኾኑ።

ህጻናት ኣብ ምቅይያር ክሊማ፡ ረኽሲ ጉረሮ፡ ረስንን ነድሪ ሓናትን ክርእዩ ልሙድ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣየር ብዑበዚሒ ባክተርያን ቫይረስን ክራብሑ ምቹእ ስለ ዝኾነ እዩ። መጸናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ብቫይረስ ይኹን ብባክተርያ ኣብ ጉረሮ ዝፍጠር ረኽሲ፡ ረኽሲ ሓናት እዩ ዘማዕብል። ምልክታት ረኽሲ ሓናት ምስ ምልክታት ጉንፋዕ ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ህጻናት ንኽልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት ዝቕጽሉ ናይ ምውሓጥ ጸገም ክርእዩ ምስ እንዕዘብ ብቐልጡፍ ፍወሳ ዝረኽቡሉ መንገዲ ክንፈጥር ይግባእ።

### ጸኪታት ሓናት

ጸኪታት ሓናት፡ ኣብ ክልቲኡ ዳሕረዋይ ክፋል ሸነኽ ጉረሮ ናይ ኣፍ ዝርከብ ኣካል ስርዓት ምክልኻል ሕማም እየን። እዘን ጸኪታት ልክዕ ከም ‘ልይምፍ ኖድ’ (lymph nodes) ብኣፍና ወይ ብኣፍንጫና ናብ ውሽጢ ሰብነትና ንዝኣትዉ ታህዋስያን ኣጻርየን ይጉሕፋ። ኣብ ጉረሮና ረኽሲ ንኸይፍጠር’ውን ጸረ-ነፍሳት (antibiotic) የንዝያ። ብኸምዚ፡ ካብ ሕማምን ረኽስን ይከላኸላ።

‘ልይምፍ ኖድ’፡ ኣብ መላእ ሰብነትና ተዘርጊሑ ዝርከብ ኣዝዩ ተኣፋፊ መርበብ ሻምብቆ እዩ። ኣብ ሻምብቆታት ደም ነጭ ብምልሓኽ ናብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና የበጽሕ። ብዘኾነ ታህዋስያን ተጠቒዕና ምስ እንህሉ ብመንገዱ መልእኽቲ የመሓላልፍ።

ኣብ እንሓመሉ እዋን ኣብ ሓንቲ ወይ ክልቲአን ሓናት ሕበጥ፡ ቃንዛ፡ ረኽስን ናይ ምውሓጥ ጸገምን ክፍጠር ንብር እዩ። እዚ ቃንዛ ሕዱር ምስ ዝኸውን ተፈዊሱ ኩሓይሽ ምስ ዘይክእል፡ ብመበጣሕቲ ከም ዝእለያ ይግበር እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ሰብነትና ኑየም ናብ ውሽጢ ክኣትዉ ዝኽእሉ ታህዋስያን ንምክልኻል፡ ካልእ መንገዲ ከናዲ ይግደድ ማለት እዩ።

ጥቕሚ፦ ካብቲ ቀንዲ ዕማም ናይ ሓናት፡ ረኽሲ ምክልኻል እዩ። ሓናት ሓያሎ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ዝሓዛ እየን። ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ሕማም ንምክልኻል ዝሕግዛ ኣካል ደም እዩ። ሓናት ኣብ ኣፍና ኣብ ዝርከብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይ ጉረሮና ሰፊረን ስለ ዝርከባ፡ ብኣፍናን ኣፍንጫናን ናብ ውሽጢ ሰብነትና ታህዋስያን ከይኣትዉ ብጸዓዱ ዋህዮታት ደም ይከላኸላ።

ቅርጺ፦ ሓናት፡ ኣብ ቅድሚ መስትያት ኴንና፡ ኣፍና ብዘይጎበአ ከፊትና ክንርእየን ንኽእል ኢና። እንቋቑሖ መሰል ቅርጺ እዩ ዘለወን።

ሕብሪ፦ ሓናት ጥዑያት ምስ ዝህልዋ፡ ሮዝ መሰል ሕብሪ እዩ ዘለወን። ምስ ዝሓማ ወይ ዝረኽሳ፡ ቀይሕ ሕብሪ ይህልወን። ምስኡ ድማ ሕበጥ።


ዓቐን፦ ግዝፊ/ ዓቐን ሓናት ካብን ናብን ሰብ ይፈላለ እዩ።

- ነፍሲ-ወከፈን ብማእኸላይ 42.81 ኩብ ሰንቲ ሜትር ግዝፊ ኣለወን።
- ግዝፊ ሓናት ደቂ ኣንስትዮ ብማእኸላይ 37.65 ኩብ ሰንቲሜትር ክበጽሕ እንከሎ፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ 52.4 ኩብ ሰንቲ ሜትር ይኸውን።

### ነድሪ ሓናት

ሓናት ኣብ ጉረሮ ዝርከባ ‘ጸኪታት’ እየን። ኣካላትና ዝኾነ መጥቃዕቲን ረኽስን ንኸይገጥሞ ናይ ምክልኻል መካዚዝም ይጥቀማ። እተን ሓናት ንባዕለን ረኽሲ ምስ ዘጋጥመን እቲ ኩነታት ነድሪ ሓናት ንብሎ።

ነድሪ ሓናት ካብን ናብን ሰብ ይሳባዕ እዩ። ብኣዝዩም ዝተፈላለዩ ልሙዳት ቫይረስን ባክተርያን ድማ እቲ ሕማም ይበጽሕ። ‘ስትረፕቶኮካል ባክተርያ’ (Streptococcal bacteria) ሓደ ካብቲ ነድሪ ሓናት ከስዕብ ዝኽእል እዩ። እዚ ዓይነት ነድሪ ሓናት’ዚ ብእግሉ ክፍወስ ምስ ዘይክእል ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ከም ዝፈጥር እዮም ክኢላታት ዘመልክቱ።




መብዛሕትኡ እዋን ነድሪ ሓናት ሓሚምና ከም ዘለና ንምፍላጥ ኣይንሽገርን ኢና። ነድሪ ሓናት ብዙሕ ግዜ ዓሰርተታት ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ህጻናት እዩ ዝርአ፡ ዕድመ ኣብ ዘዋቕጽሩ ህጻናትን መንእሰያትን ኣይርአን እዩ ማለት ግን ኣይኮነን። ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት ነድሪ ሓናት መድሃኒት ብምውሳድን ለውጢ ኣብ ኩነታት ኣነባብራ ኣብ ምክያድን ኣብ ገዛ እዩ ክፍወስ እንዕዘብ።

ነድሪ ሓናት ንምፍዋስ ዘኽእሉ ኣገደስቲ ዘቤታውያን ፍወሳታት

ነድሪ ሓናት ኣብ ገዛ ብእትገብሮ ክንክንን ብእትወስዶ ዓይነት መግቢታትን ክትፍወስ ይከኣል እዩ። ገለ ዓይነት ነድሪ ሓናት ከቢድ ብምዃኑ ብሕክምና ብዘወሃብ ክንክን ጥራይ ኩሓዊ ዝኽእል ከም ዝኾነ ግና ክንዝንግዕ የብልናን።

ሓናት ብሰንኪ ባክተርያ ወይ ቫይረስ ብዘስዕብ ረኽሲ እዩ ዝሕሰራ። ስለዚ፡ ኣብ ገዛ ጸረ-ባክተርያ ወይ ጸረ-ምቅጻል ባህሪ ዘለዎም ዓይነት መግቢታት ብምውሳድ ነቲ ሕማም ክትፍወሶ ይከኣል እዩ። ስዒቡም ነድሪ ሓናት ንምፍዋስ ዘኽእሉ ወጽኢታውያን ዝኾኑ ዘቤታውያን ፍወሳታት ተዘርዚሮም ኣለዉ።

ጨው ብዘለዎ ማይ ጉረሮኻ ምሕጻብ

ጨው ዝተሓወሶ ልብጥ ዝበለ ማይ ተጠቒምካ ጎራዕራዕ ኣቢልካ ኣፍኻን ጉረሮኻን ምሕጻብ፡ ብሰንኪ ሓናት ዝቖጹ ዝሎ ጉረሮ ኣብ ምጥላልን ምጽራይን በቲ ሓደ፡ ኣካላትና ነቲ ረኽሲ ንምቕላስ ከም ዝጥፍ ብምግባር በቲ ኻልእ፡ ነድሪ ሓናት ኣብ ምፍዋስ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

ኣብ ሓደ ኩባያ ቫሂ ሓደ ማንካ ጣውላ ጨው ብምሕቃቕ ዝ. ኣገባብ ፍወሳ’ዚ መዓልታዊ ደጋጊምና ክንካይዶ ይከኣል። ነቲ ጨው ዘለዎ ማይ ክንውሕጦ የብልናን።

### በረድ

በረድ ብሰንኪ ሓናት ንዘለና ቃንዛ ንምህዳእ ይሕግዝ እዩ። ካብቲ ኣብ ጉረሮ ዝፍጠር ምቅጻል እፎይታ ስለ ዝፈጥር’ውን ጽቡቕ ስምዒት ክህልወና ይገብር።

ነቲ በረድ ኣብ ጽሩይ ጨርቂ ሸፊንና፡ ኣብ ከባቢ ጸኪ. ሓናት ን15 ደቓይቕ ዝኣክል ክንቅምጦ ይከኣል። ኣብዚ ምሉእ ብምሉእ ብኣፍንጫና ኢና ከነስተንፍስ ዘለና። ካብ እፎይታ ዝፈጥረልና ድማ ዝ. ኣገባብ’ዚ ድሕሪ ገለ ሰዓታት ደጋጊምና ክንዘውትሮ ይከኣል።

### ቀይሕ ሽጉርቲ

ቀይሕ ሽጉርቲ፡ ክጽዩቲ መግቢ ንምምቃር ዝህልዎ ጥቕሚ፡ ሓያሎ ሕማማት ኣብ ምፍዋስ’ውን ኣገዳሲ እዩ። ቀይሕ ሽጉርቲ ጸረ-ምቅጻል ባህሪ እዩ ዘለዎ። ኣብ ርእሲኡ፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ከም ዝቕሕን ዝጥፍን ስለ ዝገብር፡ ኣብ ግዜ ነድሪ ሓናት ንዝፍጠር ረኽሲ ብቐሊሉ ኩሓዊ ልዑል ግደ እዩ ዘበርክት።

ሓደ ክልተ ማንካ ጣውላ ዝተጣሕነ ቀይሕ ሽጉርቲ ምስ ልብጥ ዝበለ ማይ ሓዊስና ጎራዕራዕ ብምባል ጉረሮና ምሕጻብ። እዚ ንዝተወሰነ መዓልታት ደጋጊምና ክንካይዶ ይከኣል እዩ። ጸዕዳ ሽጉርቲ ሕማቕ ጨና እስትንፋስ ክፈጥረልና ይኽእል እዩ። እንተኾነ ብሰንኪ ነድሪ ሓናት ንዘህልወና ቃንዛ እፎይታ ኣብ ምፍጣር ግና ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ኣይንረስዕ።

### ናይ ቱፋሕ ኣቻቶ

ናይ ቱፋሕ ኣቻቶ፡ ሕማም ናይ ምክልኻል ስርዓት ሰብነትና ስለ ዘሐይል፡ ረኽሲ. ኣብ ምፍዋስ ብቕዓምነት እዩ ዝጥቀስ።

ፍርቂ ማንካ ጣውላ ናይ ቱፋሕ ኣቻቶ ኣብ ልብጥ ዝበለ ማይ ብምሕዋስ ጉረሮና ጎራዕራዕ እናበልና ክንሓጽቦ ይከኣል። ድሕሪ ምሕጻብና ነቲ ፈሳሲ ክንውሕጦ ኣይምከርን እዩ። ዝ. ኣገባብ’ዚ ንዝተወሰኑ መዓልታት ደጋጊምና ክንካይዶ ይግባእ። ኣብ ሓጺር እዋን እቲ ሕበጥ ናይ ነድሪ ሓናት ክዘልቕ ስለ ዝኽእል፡ ምቹእነት ክስመዓና እዩ።

### ቆጽሊ ራሓን

ቆጽሊ ራሓን ልዑል ዝኾነ ናይ ጸረ-ምቅጻል ወሀደት እዩ ዘለዎ።

ቆጽሊ ራሓን ምስ ሓደ ማንካ ሻሂ ጽማቑ ለሚን ሓዊስና ኣፍሊሕና ብውዕዩ ከም ሻሂ ክንሰትዮ ይከኣል። ዝ. ኣገባብ’ዚ ኣብ መዓልቲ ደጋጊምና ብምፍላሕ ክንሰትዮ ተመሪጺ እዩ።



### ዝንጅብል

ዝንጅብል ኣብ ብዙሕ መግቢታትና ከም መመቀሪ እንጥቀመሉ ዓይነት ቀመም እዩ። ልዑል ጸረ-ምቅጻል ጠባይ’ውን ኣለዎ።

ሓደ ማንካ ጣውላ ዝተጣሕነ ዝንጅብል፡ ምስ ሓደ ማንካ ጣውላ መዓር ብምሕዋስ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ንሕወሶ። ጎራዕራዕ እናበልና ጉረሮና ብምሕጻብ ድማ ነቲ ፍወሳ ኳይዶ።

### ኣይስ ክሬም

ነድሪ ሓናት ኣብ ዘጋጥመና እዋን፡ ኣይስ ክሬም ምምጋብ ካብ ቃንዛ እፎይታ ይፈጥር እዩ።

ኣብ ገዛ ብዘወሃኺ ክንገብሮ ዝግባእ

- ብዑበዚሒ ፈሳሲ ምውሳድ፡
- ግቡእ ዕረፍቲ ምርካብ፡
- ሙቐት ናይ ገዛ ንምቁጽጻር ንሓስ ከም ዝሓትዎ ምግባር፡
- ሽጋራ ካብ ምትካኽ ምቁጣብ፡
- ዘለካ ቃንዛ ንምህዳእ መሀገሲ መድሃኒት ምውሳድ ወዘተ ክንጠቕስ ይከኣል።

ምንጪ፦ medicalnewstoday

— — — — — — —

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ተመኩሮ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄል ደባይዋ |
| 15:30 | መደብ ሞዚዩክ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ግጥሚ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሞዚዩክ |
| 18:50 | እትመት |
| 19:25 | እቲ ካልእ ገጽና 1ይ ክፋል |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳውን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## መትከል

### ኣብ ቅኑዕ መትከል ከም ዘሎና ብኸመይ ንፈልጥ፧

ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ 1940ታትን 50ታትን፡ ነዚ ሕጂ ከነብዕሎ ንቀራረበሉ ዘለና መዓልቲ ናጽነትና መሰረት ምንባሩ መዛግብ ታሪኽና ይገልጽ። ኤርትራ ኣብ ክልተ ተመቒላ፡ ከበሳ ናብ ኢትዮጵያ፡ መታሕት ከኣ ናብ ሱዳን ክወሃብ ዝብል ሓሳብ ባዕዳውያን ሃገራት እንተ ዘሰምር ከመይ ምኾነ፧ ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ በቲ ተበይኑሉ ዝነበረ ብይን እንተ ዝቕጽል ከም ህዝቢ ምቐሰንናዶ፧ ነቶም ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝድግፉ ዝነበሩ ሓሳቦም እንተ ዝሰምረሎምከ ኤርትራ ምሃለወትዶ፧ ንሕና፡ ናይቲ ግዜ'ቲ መንእሰያት እንተ ንነብር እንታይ ዓይነት ምርጫ ምሃለወና፧ ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብል መትከል እንተ ዘንብረና፡ ነቲ ዝነበረ ሓያል ተጻብኦ በዲህና ኣብ መትከልና ምጸናዕናዶ፧ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ እንታይ ውሳነ ምወሰድና፧ ናብ ቃልሲ ሓርነትዶ ወይስ ናብ ስደት፧ ንቓልሲ ሓርነት ምደገፍናዶ ምተቓወምና፧ ወይስ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ከም ዘይናትና ርእዩና ውልቃዊ ህይወትና መቐጸልና፧ እቲ ቅኑዕ መትከል ኣየናይ ምንባሩኸ ብኸመይ ምፈለጥና፧ ቅኑዕ መትከል ካብ ጌጋ መትከል እንታይ ይፈልዮ፧ ቅኑዕ ወይ ጌጋ መትከል ዝብሃልከ ኣሎዶ፧

ተመራመርቲ ታሪኽ፡ "ታሪኽ ካብቲ ዝተፈጸመሉ ኩነታት ፈሊኻ ክትንትኖ ቅኑዕ መረዳእታ ኣይህብን እዩ፡" ይብሉ። ታሪኻዊ ፍጻመ ኣብ መቓን ናይቲ ዝተፈጸመሉ እዋን፡ ፖለቲካውን ማሕበረ ቍጠባውን ጽልዋ፡ ምስ ዝጽናዕ ጥራይ'ዩ ትኽክለኛ ትርጉም ክህብ ዝኽእል። ታሪኽ መዝገብ ፍጻመታት እዩ፣ እቲ ፍጻመታት ሓደ ዓይነት እዩ፣ መግዛእቲ፡ ውግእ፡ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ስምምዕ፡ ዕርቂ፡ ህንጸት፡ ዳግማይ ውግእ፡ ዳግማይ ዕንወት፡ ወዘተ። ነዚ ፍጻመታት ካብ ነንሕድሕድ ዝፈልዮ ህሉው ኩነታት እዩ። ኤርትራ ናጽነታ ንምምጻእ ምስ ኢትዮጵያ ናይ 30 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዳ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ ልኡላውነታ ንምውሓስ ኣብ ቀጻሊ ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን ቃልሲ ምስ ኢትዮጵያ ትርከብ። ብ1930ታት ኣብ ዓለም ኣማኢት ኣሽሓት ዘህለቐ ተላባዒ ሕማም ተኸሲቱ ነይሩ፣ ብ2019 ኮቪድ 19፡ ብሚልዮናት ዝቝጸር ህዝቢ ኣህሊቑ። ካብ 15 ዘመን ጀሚሩ ምዕራባውያን ሃገራት ንኣፍሪቃ መሬታን ህዝባን ይገዝኣ ነይረን፣ ሕጂ ከኣ መልክዑ ቀይሩ ኣእምሮን መንፈስን ህዝባ ይገዝኣ ኣለዋ። ፈለማ መኪና ምስ ተማህዘት ወነንቲ ካሮሳ፡ "ኣፍራስ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ክኾኑ'ዮም፡ ሽቕለት ኣልቦነት ከንጽላሉ እዩ፡" ዝብል ተቓውሞ የስምዑ ነይሮም፣ ሕጂ ከኣ፡ "ሰብ ሰርሖ ብልሒ ንሰብ ብምትካእ ሽቕለት ኣልቦነት ከኸትል'ዩ፡" ኢልና ኣብ ሻቕሎት ንርከብ። ስለዚ ፍጻመታት ተመሳሰልቲ እዮም፡ ኩነታት ግን ዝተፈላለየ እዩ። ፍጻመ ብዘይ ህሉው ኩነታት ከተጽንዮ ምፍታን እምበኣር ዘይትፈልጦ ቋንቋ ክትርዳእ ምፍታን እዩ። ይኹን እምበር ካብ ታሪኽ ክንመሃር እንተ ኰንና ናይ ትማሊ ፍጻመታት ኣብ ሎም ዘሎዎ ጽልዋ ክንትንትንን ክንግምግምን ኣገዳሲ እዩ። ጽንኩሩነት ፍጻመታት ክንርዳእን ስምዒታዊ ገምጋም ከይንህብን ግን ነብስና ኣብቲ ኩነታት ብምእታው፡ ተራና ኣብ ታሪኽ እንታይ ምኾነ ኢልና ክንሓትት ይግባእ። "ኣብቲ ግዜ'ቲ እንተ ዝነብር እንታይ ዓይነት መትከል ምሃለወኒ፧ ቅኑዕ መትከል ምዃኑኸ ብኸመይ ምፈለጥኩ፧"

ሰብ ብተፈጥሮኡ ጌጋ ክፍጽም ኣይደልን፣ ብፍላይ ከኣ ናይ ታሪኽ ጌጋ። ኮይኑ ግን ዋጋ ዘኽፍል ጌጋ ውሳነን ተግባርን ክፍጽም ይርአ። ታሪኻዊ ፍጻመታት፡ ብፍላይ ከኣ ሰብ ዝፈጠሮም ፍጻመታት፡ ምስ መትከል ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣሎዎ። ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽ ምርጫ፡ መትከልን ጽንዓትን እዩ። ቀንዲ ካብ መለለዩ ህዝቢ ኤርትራ 'መትከል' እዩ ኢልና ኣፍና መሊእና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ከም ህዝቢ ንጹር መትከል ዘሎናን ኣብ መትከልና ጽኑዓትን ምዃና፡ ታሪኽና ዓቢ ምስክር እዩ። መትከል ዘይብሉ፡ ካብ መትከሉ ዝወላወል ሰብ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ጽዩን እዩ። መትከላዊ ምዃን ሓያል ጻዕሪ ይሓትት፣ ምስ ኣጥረኻዮ ዝቋረጽ ጻዕሪ ኣይኮነን። ኣብዛ ብዘይ መትከላውያን ሰብ ዝተመልአት ዓለም፡ በይንኻ መትከላዊ ምዃን፡ ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ ዘሸምም ምርጫ እዩ። መትከል ድምር ርእሰኻ ምፍላጥ፡ ንቕሓት፡ ብቑዕ ምሕደራ ስምዒት፡ ጽንዓትን ትብዓትን እዩ። መትከል ምስ ርእስና እንኣትዎ ቃል ኪዳን እዩ። ንጹር መንነትን ክብርን እንተ ዘይብልና ከነማዕብሎ ኣይንኽእልን። መትከል ዝለዓለ ደረጃ ኣተሓሳስባ እዩ። መጻኢ ክመጽኣካ ከይተጸበኻ፡ መጻኢኻ እትሃንጸሉ ሓያል ብልሓዊ መሳርሒ እዩ። ኣእምሮኣዊ ብቕዓት ምስ ዘይህሉወና መትከላውያን ክንከውን ኣይንኽእልን።

መትከል፡ ግብርን ክብርን ዘራኽብ ድልድል እዩ። መትከል ዘይብሉ ሰብ፡ ዝገብሮ ተግባር ብኽብርታቱ ዘይምእዘን ማለት እዩ። መትከል ሞራላውን ኣእምሮኣውን ቀይዲ እዩ። መትከል ዘይብሉ ሕብረተሰብ ቀይዲ ዘይብሉ ሕብረተሰብ እዩ። መትከል ሓያል ናይ ውሳነ ብቕዓት ይሓትት። ብቐሊሉ ዝፍጠርን ዝቀያየርን ስለ ዘይኮነ፡ ራኢ ዘይብሉ ሰብ ክጥርዮ ኣይክእልን። ታሪኽና መትከላዊ ወለዶ ዝቐለሶ ምስ ምዃኑ፡ ናይ ሎም ወለዶ መትከላዊ ክኸውን ትጽቢት ክንበረሉ ይኽእል እዩ። 'ኤርትራ ኣብ ዘይነበረትሉ ግዜ፡ ንጹር መትከል ክውንነ ዘይጸገሞምዶ ሕጂ ኣብ ዝተጨበጠ ነገር መትከል ክህሉዎም የጸግም ኮይኑ፡' ኢልና ክንሓስብ ንኽእል ኢና። ይኹን እምበር፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ መትከላዊ ክትከውን በዳሂ እናኾነ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ሰባት በብግዜኡ ዘሎዎም መትከል ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዉ ምርኣይ ንቡር ባህሪ ኮይኑ ይርከብ። መትከል ምቕያር ዘሕፍር ዝነበረ፡ ከም ነፋሒቶ መምስ ዝተረኽበ ኣጋጣሚ ሕብርኻ እናቐያየርካ ውልቃዊ ድሌታትካ ምኽዕባት ከም ምዝማን ክቝጸር ጀምሩ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ቅኑዕ መትከል ክንፈልየሉ ኣብ ዘይንኽእል ደረጃ ስለ ዝበጻሕና እዩ። ዘመነ ሓበሬታ ከምቲ ኣንጻባራቒ ደገኡ ዘይኮነ፡ መንነትን መትከልን ሕብረተሰብ ዘዕኑ ምዃኑ ከይተረዳእናዮ ተቐቢልናዮ። ብሓበሬታ ከሲዕና ብክብርታት ግን ከም ንደኪ ገይሩና። ባህልን ልምድን ሕብረትሰብ ንምዕናው ዝዓለመ ኣዕናዊ ኣጽዋር፡ ኣብ ድጅታላዊ ዓለም ዑቕባ ረኺቡ ስለ ዝተሰወረ፡ ቃልስና ዘብቀዐ ኮይኑ ተሰሚዑና፣ እቲ መለለይና ዝነበረ ጻዕሪ ጸሊእና፣ ዕረፍቲ ብሂግና። ታሪኻዊ ፍጻመታት ግን ደው ኣይብሉን እዮም፣ መልክዖም እናቐያየሩ እዮም ዝደጋገሙ። ናይዚ ምልክት፡ ኣብዚ "ምዕቡል" ዝበሃል ዘመን'ዚ፡ ሰባት ብናይ መንነት ቅልውላው፡ እምነት ምጥፋእ፡ ናይ ምውሳን ዕንደት፡ ትርጉም ኣልቦነት፡ ነብሰ ፍትወት፡ ኣድልዎን ወገንነትን ክሳቐዩ ንርእዮም ኣለና። ስለዚ፡ ኣገዳስነት መትከል ዕምሩ ኣይወደቐን። እኳ ድኣ ዝያዳ ካልእ ግዜ ሕጂ የድልየና።

ኣብ ቅኑዕ መትከል ከም ዘለና ኣብ መራኽቢ ብዙሃን ወይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘይኮነ፡ ንውሽጥና፡ ክብርታትና፡ እምነትና፡ ብዓቢኡ ከኣ ታሪኽና ብምውካስ ኢና ከነረጋግጽ እንኽእል። ናይ ትማሊ ፍጻመታት ናይ ሎሚ ፍጻመታት ወሊዱ፣ ናይ ሎሚ ፍጻመታት ከኣ ናይ ጽባሕ ኩነታት ክወልድ'ዩ። ስለዚ፡ ንሕና'ውን ኣካል ታሪኽ ኢና። መትከልና ናይ መጻኢ ታሪኽና ከም ዝኾነ ኣሚና፡ ቅኑዕን ንጹርን መትከል ድኣ ይሃሉወና። ሰባት ክሳዕ ዝኾንና ካብ መትከልና ከይንንቀሳቐስ ከኣ ጸበል ናቕፋ ካብ ጁባና ኣይንፈለ።

ርሑስ ቅንያት ናጽነት!



## ጸበል ናቕፋ ንጸጉለይ

ከይቅሰብ - ከይዕሰብ!
ከይጸግብ - ከይዕግብ!
ጸበል ናቕፋ ንጸጉለይ
ፈይ-ፈይ ኣቡሉለይ!!

ዛንታ ትማሊ ሕልኽላኽ
ምስ ተፈጥሮ ምትህልላኽ
ምስ ሰብ ሰርሖ ምድልላኽ።
ብመውጋእቲን መስዋእቲን
ንመቑሕን ማእሰርቲን
ንፍርሒን ራዕዲን...
ምስዓር ብምንባሩ፣
ዘይውዳእ ለይቲን ቀትሪን
ምቁርን መሪርን
ፈተነን ሰብን
ተደማሚሩ ኣቐንዛዊ!!
ነበረ ዋጋኡ ብመንጽሩ!

ትማሊ ዝተሰከምኩዎ፡
ወይ'ቲ ኣብ ዝባነይ ዝራዕርዑዎ፤
ናይ ታሪኽ በደላት
ዝርያ ሓያላት
ስዒረ ዘይኣለኹ በሰላታት፡
ረሳዒ ኹይነ፡ ከይደንን-ከይዕሰብ
ኣንጻር መትከል ገድለይ ከይቅሰብ
ጸበል ንጸጉለይ፡
ምስ ሕልናይ ክመሓሰብ።

ትማሊ! ሰብ ምዃነይ ከም ዘይረሳዕኩ
ሎሚ! 'ሰብ ኢኺ' ከይብላ
ንነፍሰይ፤
ብባህግታት 'ንዓይ-ንዓይ፡ ከይከባ
ምስ ረብሓታት በይነይ ከይረባ፣
ነቶም 'ድፍእ!' ዝበሉ
ንባህጊ ሓፋሽ ዝተመንጠሉ
ሞባእ ዝተኸፍሉ
ረሲዐ ከይሻድን
መንጉደ ከይትዕንን
ጸበል ናቕፋ ንጸጉለይ!
ፈይ-ፈይ ኣብሉለይ።
ኣበሳይ ክንዲ ዝእርም
'ሰብ ገበር'፡ ሕድረይ ከይጠልም
ሰብ ገበሮ፡ ንሃነፍነፍ ከይሃርፍ
ንሕደረይ፡ ድሕረይ ከይገድፍ
ጸበል ንጸጉለይ
ካብ ሓመድ ናቕፋ!

ካብቲ ናይ ራእይ
ናይ ዕላማ፣
ካብቲ ናይ እምነት
ናይ ብጻይነት፣
ካብቲ ናይ መብጽዓ
ኣንጻር ወጽዓ፣
ካብቲ ንዓይ-ንዓይ ነውሪ
ምቅድዳም ንመስዋእቲ
ዝረኣየ ሓመድ...
ንጸጉለይ! ፈይ-ፈይ ኣብሉለይ።

ካብቲ ዓጽመ-ስጋኦም ዝኸስከሰ
ብደሞም ዝተርከሰ፣
ካብቲ መንፈሶም ዝወረሰ
ሕልሞም ዝተተርኣሰ፣
ካብቲ ልዋም ድቃሶም ዝወሰደ
ታሪኽ ዝወለደ፣
ንጸጉለይ ካብቲ ሓመድ ናቕፋ
ነዛ ሕልናይ ከዕርፋ።

በዚ 'ተዘይ ሰሚዐ
እዝነይ ዓቢሱ፡ ሕድረይ 'ተዘንጊዐ
ኣህነፍኒፈ፡ ሕሉፈይ 'ተረሲዐ፤
ኣብ ናቕፋ!
ኣብ ድፋዓት ጽንዓታ
ውሽጠ-ውሽጢ ውሻጠኣ
ኣዚርኩም... ዕጠኑኒ ካብ ኣቕጽልታ!

ካብቲ ታሕቲ-ታሕቲ ዝዛሪ ማይ
ኣጀብጂበ ከሀድሳ ንነፍሰይ
ክጸንዕ ኣብ መትከል ቃልሰይ
ማይ-ጸሎት 'ሕድሪ' ኣቑሙለይ።

ምስ ሕልናይ ውዒለ-ሓዲረ
ሰብ ውዕሎ ጸብጺበ-ዘኪረ
ኣብ ደምበ ውፉያት ክምዕቈብ
ካብ ጸበላ፡ ሽውዓተታት ክሕጸብ።
***

ካብ መጽሓፍ፡ ድሕሪ ዝናብ
- ሕሩይ ግጥምታት-
ብኤፍረም ሃብተጽዮን (ወዲ ገደ)

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## "ኣመሪካን ኢራንን፡ ስምምዕ ሰላም ክኽትማ ተቓሪበን ኣለዋ" ምንጭታት

ኣመሪካን ኢራንን ኣብ መንጎአን ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ኲናትን ምትፍናንን ንምቁራጽ ናብ ዘኽእለን ግዜያዊ ስምምዕ ንምብጻሕ ቀሪበን ከም ዘለዋ፡ ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ሰበ ስልጣን ትማሊ ሓሙስ ሓቢሮም።

እንተኾነ፡ እቲ ክብጻሕ ትጽቢት ተገይሩሉ ዘሎ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ኲናት፡ ኑየም ቀንዲ ዘሰሓሕቡ ዘለዉ ጉዳያት ከም ዘይፈትሖም እዮም እቶም ምንጭታት ወሲኾም ዝገለጹ።

እቶም ሰበ ስልጣን፡ እቲ ግዜያዊ ስምምዕ ሰላም፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ንዘሎ ፍልልያት ዘጕልሕ ምዃኑ ኣረዲኦም።

ትማሊ ሕሙስ፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ክኽፈት ተስፋታት ኣሎ ዝብሉ ወረታት ድሕሪ ምግዋሖ፡ ዋጋ ነዳዲ ብደረጃ ዓለም ከም ዝዘየ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ጣህራንን ዋሽንግተንን፡ ንግዜኡ ኑየም እቲ ኲናት ንኽጅመር ዘደፋፍኡ ዓበይቲ ዛዕባታት ብምውንዛፍ፡ ክልተአን ሃገራት ናብ ዶግማይ ኲናት ከይምለሳ ከምኡ'ውን ንግዳውያን መራኽብ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ክሓልፉን ኣብ ዘኽእል ግዜያዊ ስምምዕ ንምብጻሕ ይሰርሓ ምህላወን እቶም ምንጭታት ኣዘራርም ኣለው።



ኣብ ምሽምጋል ኣመሪካን ኢራንን ዝሳተፍ ዘሎ ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ፓኪስታን ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ክልተአን ሃገራት ኑቲ ጭቡት ደው ከብላ እንተ ተሰማሚዐን፡ እቶም ኑቲ ኲናት ዘጠሉ ዓበይቲ ዛዕባታት ድሓርም ብዘርርብ ክፍትሑ ዘጸግሙ ከም ዘይኮኑ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንኢራን ዶግማይ ናብ መኣዲ ዘተ ንምምጻእ፡ ኑቲ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝጀመሮ፡ 'ፕሮጀክት ሓርነት' ዝተሰምየ ወፍሪ ከም ዘቋረጾ ምግላጹ ዝዝከር እዩ።

ማዕከን ዜና 'ኤን.ቢ.ሲ.' ንሰበ ስልጣን ኣመሪካ ብምጥቃስ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ ግን፡ እቲ ብፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንግዳውያን መራኽብ ንምሕላፍ ዝተበገሰ ስርሒት 'ፕሮጀክት ሓርነት'፡ ስዑዲ ዓረብ ሓይልታት ኣመሪካ ንግዝኦታ ተጠቒሞም ኑቲ ስርሒት ከየካይዱዎ ድሕሪ ምኽልካላ ከም ዝተቛረጸ ኣፈሊጡ።

## ሩሲያ፡ ኣብ ዩክሬን ዘርከቡ ዲፕሎማሰኛታት ክወጽኡ ጸዊዓ



ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፈደረሽን ሩሲያ ማርያ ዛካሮቫ፡ ሃገራ ኣብ ልዕሊ ኪየቭ ሕነ ናይ ምፍዳይ መጥቃዕቲ ክትፍጽም ስለ እትኽእል፡ ዲፕሎማሰኛታትን ሰራሕተኛታት ኣህጉራውያን ትካላትን ካብታ ከተማ ብቕጽበት ክወጽኡ፡ ብወግዒ ከም ዘተሓሳሰበት ኣፍሊጣ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ፡ ንምዝካር ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ኤውሮጳ ንምዝካር፡ ካብ 8 ክሳብ 9 ግንቦት ተኹሲ ደው ከብል ምዃኑ፡ ዩክሬን ከኣ ኑቲ ጸወዒት ክተኽብሮ ምጽዋዑን ምንጭታት ይሕብሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ግዜ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ምስ እተካይድ፡ ኣብ ኪየቭ ሰፊሕ ናይ ሕነ መጥቃዕቲ ከም እትፍጽም ምጥንቃቑውን ዝዝከር እዩ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ኣብ'ተን ብሩሲያ ዝተጠቕሳ ክልተ መዓልታት፡ ንሩሲያ ዲላማ ክጉብራ ምዃኑ ዝገለጸ ርኢይቶታት ድሕሪ ምሃቡ እዩ እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ኪየቭ ንዘርከቡ ዲፕሎማሰኛታትን ሰራሕተኛታት ኣህጉራውያን ትካላትን መጠንቀቕታ ዝሃበ ዘሎ።

ሩሲያ፡ ኲናት ዩክሬን ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ንዝተፈላለዩ ዓበይቲ በዓላት ምኽንያት ብምግባር፡ ንዝተወሰነ መዓልታት ዝጸንሕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ክግበርኳ፡ ብዙሕ ግዜ እንተ ጠለበት፡ ሙብዝሕትኡ ግን ብጥሕሰት ዩክሬን ከም ዝተዛዘመ እያ እትኸስስ።

## ፈረንሳ፡ ናብ መጻብቦ ሆርሙዝ መርከብ ውግእ ትልእኽ

ፈረንሳ፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ካብን ናብን ንዝካየድ ምንቅስቓስ ንግዳውያን መራኽብ ንምውሓስ፡ ሓንቲ ኣፈርቲ ውግእ እትስሕም ግዙፍ ወተሃደራዊት መርከብ፡ ብመትረብ ሰወጽ ኣቢላ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ከም ዝለኣኸት ሓቢራ።




ሚኒስትሪ ምክልኻል ፈረንሳ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እታ ብጽዕቲ ኒዩክለሳዊ ጸዓት እትሰርሕ "ሻርል ደ ጎል" ብዝብል ስም እትፍለጥ መርከብ፡ ናብቲ 20 ሚእታዊት ካብ ነዳዲ ዓለምና ዝሓልፈሉ ስትራተጂያዊ መጻብቦ ተበጊሳ ከም ዘላ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮንን ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመርን፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንዝካየድ ምንቅስቓስ ናይ መራኽብ ንምውሓስ ዝዓለመ፡ ብርክት ዝበላ ሃገራት ዝሳተፋሉ ዘለዋ ተልእኾ ይመርሑ ምህላዎም ምንጭታት ይሕብሩ።

ክልተኦም መራሕቲ፡ እቲ ተልእኾ፡ ኣብ ምውሓስ ቢቲ መጻብቦ ዝንቀሳቐሳ ናይ ጽዕነት መራኽብ ዘተኩረ ኮይኑ፡ እቲ ኲናት ብቐዋምነት ደው ምስ በለ ከኣ ተግባራዊ ከም ዝኸውን ኣዘራርም ኣለው።

ፕረዚደንት ማክሮን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ተልእኾ፡ ወገንነት ናይ'ተን ኣብቲ ኲናት ዝሳተፋ ዘለዋ ሃገራት ዘይሓዘ፡ ወሃኒት ንግዳውያን መራኽብን ኩባንያታት መድሕንን ቢቲ መጻብቦ ንምትሕልላፍ ዶግማይ ንኽተኣማመኑ ክሕግዞን ምዃኑ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ፈረንሳ፡ ጣህራን ኑቲ ካብ ዋሽንግተን ዝቐረበላ እማመ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ትምዝምዝ ከም ዘላ ኣብ እትገልጸሉ ዘላ እዋን እዩ ዚ መግለጺ ዝሃበ ዘሎ።




## ሰሜን ኮርያ፡ ብዝኾነ ንዩክሌሳዊ ውዕል ከም ዘይትቕየድ ኣፍሊጣ

ኣምባሳደር ሰሜን ኮርያ ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሃገሩ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ብ'ውዕል ምቁራጽ ምምዕባል ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር' ከም ዘይትቕየድን፡ ጉዳማዊ ጸቕጢ ድማ ኣብ ምፍራይ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ንዘለዋ ኣረኣእያ ከም ዘይቅይሮን ሓቢሩ።

ኣምባሳደር ከም ሶንግ፡ ኣብቲ ኣብ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ገምጋም 'ውዕል ምቁራጽ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር'፡ ኣመሪካን ሰዓብታን ንንዩክሌሳዊ መደባት ሚሳይላት ክህልዉዋ ከም ዘኽእል፡ ምንጭታት ይጽምቱ።

ሰሜን ኮርያ፡ ካብ ምፍራይ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ከም ዘይትቑጠብ፡ ኣብ ምፍራይ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ዘለዋ ዓቕሚ ንምድልዳል ከኣ ኣብርቲዓ ክትሰርሕ ምዃናን እያ ብተደጋጋሚ ትሕብር።

ብመሰረት ጸብጻባት ትካል ኣህጉራዊ ምርምር ሰላም ስቶክሆልም፡ ኣብ 2025፡ እተን ንዩክሌሳዊ ቦምባታት ናብ መኽዘን ኣጽዋራተን ዝጸንበራ ትሸዓተ ሃገራት



ሰሜን ኮርያ ድሕሪ ምንቃፈን እዩ ዚ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ 2003፡ ፒዮንግያንግ ካብ ውዕል ምቁራጽ ምፍራይ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ድሕሪ ምውጻኣ፡ ዛጊት ሹድሽተ ንዩክሌሳዊ ፈተነታት ከም ዘካየደት ጸብጻባት የመልክቱ።

እታ ሃገር፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ንዩክሌሳዊ ኣንፈ ኲናት ዝዓጠቑ ሚሳይላት ማለት ፈደረሽን ሩሲያ፡ ኣመሪካ፡ ፈረንሳ፡ ዓዲ እንግሊዝ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ እስራኤልን ሰሜን ኮርያን ብድምር 12,241 ንዩክሌሳዊ ኣንፈ ኲናት ዝዓጠቑ ሚሳይላት ይውንና።

ኣመሪካን ሩሲያን ንኸባቢ 90 ሚእታዊት ካብቲ ናይ ዓለምና ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ከም ዝውንና ድማ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ፋሚሊ. | 8/5/26 | ጎደና 195፡6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም ፡ቪ. ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services